# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.40 | ዓርቢ 16 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00



ገጽ 2
ቀዳሞት ቀተልቲ ሕማማት





ገጽ 3
ሓደገኛነት ክሊማዊ ለውጢ ዓለም





ገጽ 4
ስነ-ስርዓት መመረቕታ 'ዲጋ ደናሪ'





ገጽ 5
ዕቃበ ብረት ዞባ ሰሜን ኣግማሉን





ገጽ 7
ምልክታ


## ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ንኣባላት ዲፕሎማስያዊ ማሕበረ-ሰብ መብርሂ ሂቡ



ስእሊ-ዘቤር ስዒድ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ትማሊ 15 ጥቅምቲ፡ ኣብ ኣስመራ ንዝርከቡ ኣባላት ዲፕሎማስያዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ብዛዕባ'ቲ ኢትዮጵያ ኣንጻር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዒላማ ብምግባር ተካይዶ ዘላ ግህሰትን ጥሕሰትን፡ ከምኡ'ውን ጽልዋኡ ኣብ ሰላምን ርግኣትን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ መብርሂ ሂቡ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ስርዓት ብልጽግና ካብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ጀሚሩ፡ "ልኡላዊ ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ" ናይ ምውናን ሕልሙ ኣብ ተግባር ንምውዓል፡ ኩሉ ዓይነት ኣማራጺታት እንተላይ ሓይሊ ክጥቀም ምዃኑ ብተደጋጋሚ መግለጺታት ክህብ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ቀሉዕ ኩናት ኣዊጁ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንመትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝጻረር፡ ከምኡ'ውን ኑቲ ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝተኸተመ 'ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን' ዝጥሕስ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ዝርከቦም ላዕለዎት ፖለቲካውያንን ወተሃደራውያንን ሰበ-ስልጣን ብልጽግና፡ ንልኡላውነት ኤርትራ ብምንጻግ ንቀይሕ ባሕሪን ወደብ ዓሰብን ንምቁጽጻር ክህብዎ ንዝጸንሑ መግለጺታት ኣብነታት ኣሰንዩ ምዝርዛር፡ እዚ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ከቢድ ስግኣት፣ ንዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ድማ ከቢድ ሓደጋ ምዃኑ ገሊጹ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣስዒቡ፡ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብፍላይ ድማ ዓንቀጽ 2(4)፡ ኣንጻር ግዝኣታዊ ሓድነት ወይ ፖለቲካዊ ናጽነት ዝኾነት ሃገር ሓይሊ ይኹን ምፍርራሕ ምጥቃም ከምዝኽልክል ብምዝኽኻር፡ ስርዓት ብልጽግና ኣንጻር ኤርትራ ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲ ነዚ ብምልኣት ዝግህስ ከምዝኾነን ክውገዝ ከምዘለዎን ኣረዲኡ።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2022 ዝተኸተመ 'ስምምዕ ፕሪቶርያ' ኣመልኪቱ ድማ ሚኒስተር ዑስማን፡ እቲ ስምምዕ ኣብ መንጎ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝተገብረ ምዃኑ ብምንጻር፡ ኤርትራ ኣካል ናይ'ቲ ስምምዕ ከምዘይኮነትን ኣብ ኣተገባብርኡ ዝኾነ ተራ ከምዘይነበራን ከምዘይምልከታን ኣረጋጊጹ።

"ስርዓት ብልጽግና፡ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝርከባ ኣንጻር ኤርትራ ዝንቀሳቐሳ ዕጡቓት ጉጅለታት ብምዕቋብ ወተሃደራውን ሎጂስቲካውን ደገፍ ከምዝገብረለን ድሕሪ ምብራህ፡ ዞባዊ ግጭታት ዘጕሃህርን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዘሎ ዘይርጉእ ኩነታት ዘጋድድን ወተሃደራዊ ንጥፈታት ኣብ ምክያድ ተጸሚዱ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ንምብታኽ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክገልጽ ከሎ ድማ፡ ካብ ወርሒ ግንቦት 2026 ጀሚሩ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራ ንወግዓዊ ደብዳቤታት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ምላሽ ምሃብ ከምዝቛረጸን ምስ'ቲ ሚኒስትሪ ርክቡ በቲኹ ምጽንሑን፣ ብ8 ነሓሰ 2026 ድማ ንመንግስቲ ኤርትራ ከይሓበረ ዓጽዩ ካብ ኤርትራ ከምዝወጸ ድሕሪ ምግላጽ፡ ስርዓት ብልጽግና ብ1 ጥቅምቲ 2026፡ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ዝተመደቡ ዝርከቡዎም ኩሎም ኤርትራውያን ዲፕሎማስኛታት ከምዝሰጎጐ፣ እዚ ድማ ንኣህጉራዊ ስምምዓት ዝጥሕስ ቀሉዕ ግህሰት ከምዝኾነ ኣነጺሩ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣብ መወዳእታ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብ9 ጥቅምቲ 2026 ናብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዝለኣኾ መግለጺ ብምጥቃስ፡ እቲ ባይቶ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንተጻባኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ብትሪ ክኹንኖን ብመሰረት ምዕራፍ 7 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ግቡእ መግትኢ ስጉምትታት ክወስድን ጸዊዑ።

## ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ንምስጓጉ ዲፕሎማሰኛታት ኤርትራ ዝምልከት ኣቤቱታ ናብ ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ልኢኹ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ንምስጓጉ ዲፕሎማሰኛታት ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ ካብ ኢትዮጵያ ዝምልከት ኣቤቱታ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ኣቦመንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ልኢኹ።

እቲ ብ12 ጥቅምቲ ዝተላእከ መልእኽቲ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ1 ጥቅምቲ ንኹሎም ዲፕሎማሰኛታት ኤርትራ፣ እንተላይ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ዝተመደቡ፡ ካብ'ታ ሃገር ክወጹ ከምዝኣዘዘ ብምጥቃስ፡ ንቀዋሚ ወኪል ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ካልኦት ኣባላት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ዲፕሎማሰኛታትን ምስጓጉ፡ ቀሉዕ ጥሕሰት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ መንጎ ሕብረት ኣፍሪቃን ኣኣንጋዲት ሃገር ኢትዮጵያን ዝተገብረ ውዕል፡ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ኣህጉራዊ ስምምዓት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

እዚ ተግባራት ኢትዮጵያ፡ ኑቲ ብወግዒ ዘይተገልጸ ምዕጻው ኤምባሲኣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2026 ዝሰዓበ ምዃኑ ዝጠቐሰ መልእኽቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣባልነት ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ውድባት፡ ኣኣንጋዲት ሃገር ብእትወስዶ በይናዊ ስጉምቲታት ክገሃስ ከምዘይግባእ ኣስሚሩሉ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ መትከል ልኡላዊ ማዕርነት ኩለን ኣባል ሃገራት ዝቖመ በይነመንግስታዊ ውድብ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መሰል ኣባልነት ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዋንታ ካልእ ኣባል ሃገር ክምርኮስ ከምዘይግባእ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ወኪልና ኤርትራ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ናይ'ቲ ውድብ ንምምላስ ዘድሊ ኣራሚ ስጉምቲታት ብምውሳድ፡ ከም ልኡላዊትን ኣባል ሃገርን ምሉእ ተሳታፍነታ ኣብ ዝቕጽል ንጥፈታት ከረጋግጽ ጸዊዑ።

## ዝርርብ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ሩብዮ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ

ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ብ14 ጥቅምቲ 2026 ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢይ ኣሕመድ ዓሊ ብስልኪ ተዘራሪቦም። ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢን ቀዳማይ ሚኒስተርን ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝዓረገ ዘሎ ወጥሪ እዩም ተዘራሪቦም።

ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ብኽልቲኡ ወገን ምትህድዳእ ክህሉ ከም ዝድግፍ ገሊጹ። ዘቤታዊ ይኹን ግዳማዊ ወጥርታት ዘላቒ ፍታሕ ዝረኽቡ፡ ብኸምቲ ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም፡ ብልዝብን ጽምዶን ጥራይ ምዃኑ ድማ ኣገንዚቡ።

ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ብተወሳኺ፡ ኩለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ጎረባብተን ክኽብራ፡ ዶብ ሰገር መጥቃዕቲታት ከወግዳ ጸቒጡ ኣስሚሩሉ። ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ዞባ ተወሳኺ ግጭታት ክጻወር ከምዘይክእል ብትሪ ኣገንዚቡ።

***

እዚ ቀጥታዊ ትርጉም ናይቲ ብወግዓዊ ገጻት መርበብ ሓበሬታ መንግስቲ ኣመሪካ ዝተዘርግሐ እዩ። እዚ ሓበሬታ'ዚ ቅድሚ ምዝርግሑ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣብ ኤክስ ዘስፈሮ ጽሑፍ ግን ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብጬቕ ኣይበለን። ኣብ ክንድኡ "ምስ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዘካየድናዮ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ክልቲኤን ሃገራት ዝቐንዐ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ዝርርብ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢትዮጵያን ዝጸንሐ ድልዱል ዝምድና ናብ ስትራተጂያውን ግብራውን ሽርክነት ንምስግጋር ብኽልቲኡ ወገን ዘሎ ጽኑዕ መብጽዓ ደጊሙ ዘረጋገጸ'ዩ" ክብል ጽሒፉ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቀዳሞት ቀተልቲ ሕማማት

ንወድ ሰብ ዝያዳ ዝቐትሉ ዘለዉ ሕማማት ምፍላጥ፡ ጥዕና ዘለዎ ኣነባብራ ንምሕላው ኣገዳሲ እዩ። ዓመታዊ ክንደይ ዝኣክል ሰብ፡ በየናይ ዓይነት ሕማም ህይወቱ ስኢኑ ምልላይ፡ ክጽዕቲ ኣብቲ ዓመት ንዘጋጠመ ሞት ምምዝጋብ፡ ሓደጋ ዝወርዶ ዘለዉ ጥዕናዊ ጸገማት ኣለሊኻ፡ ንምክልኻሎምን ምፍዋሶምን ጻዕርታት ንምክያድ ይሕግዝ።

ኣብዚ ዘለናዮ እዋንውን እንተኾነ፡ ግቡእ ክንክን ሓለዋ ጽሬት ብዘይምርካቦም ብዝስዕብ ወጽኣት ናይ ዝቐዝፉ ዘለዉ ህጻናት ቁጽሪ እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ክንከላኸሎ ብእንኽእል ሕማም ዓሶ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪውን ግቡእ ቆላሕታ ዘድልዮ ጉዳይ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፉ ሓያሎ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ከም ሕማም "ኤች. ኣይ. ቪ. - ኤይድስ' ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማማት ሓያሎ ሰባት ቀዚፎም እዮም። ተላባዒ 'ኮሮና ቫይረስ' ዝፈጠሮ ሕማም ኮቪድ - 19 ንባዕሉ፡ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ሰባት ቀዚፉ እዩ። መብዝሕትኦም ዓለምና ዝረኣየቶም ተላባዕቲ ሕማማት፡ ብኣግኡ ክታቢት ተረኺቡዎም ንምክልኻሎም ጻዕርታት ስለ ዝተኻየደ፡ ንዝተወሰነ እዋን ተራእዮም ክጠፍኡ እዮም ጺሒሎም። በንጻሩ፡ ከም ሕማማት ልብን መንሽሮን ዝኣመሰሉ ነብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ቀንዲ ቀተልቲ ሕማማት ኮይኖም ክጥቀሱ ክኢሎም ኣለዉ።

### ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ

ኣብ 2023 ብደረጃ ዓለም ካብ ዝተራእዩ 8 ካብ 10 ቀዳሞት ቀተልቲ ሕማማት ብነብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝስዓብ እዩ። ዓይነት ሕማማት ልቢ (ischaemic heart disease) ዝዓበየ ቀታሊ ሕማም ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ። 16 ሚእታዊት ኣብ ዓለምና ዝጋጥም ሞት ጠንቂ ኮይኑ ይጥቀስ። ካብ 2000 ንደሓር ከስዕቦ ብዝጸንሐ መቕተልቲ ብዝለዓለ ክውሰኽ ብምጽንሑ፡ ክሳብ 2023 ካብ 3 ሚልዮን ናብ 9.5 ሚልዮን ክብ ኢሉ። ልዑል ጸቕጢ ደም ዝለዓለ ጠንቂ ዓይነት ሕማማት ልቢ (ischaemic heart disease) እዩ።



ወቕዐን ሕማማት ሳንብእን ብቐደም ተኸቲል ኣብ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ተሰሪዖም ዝርከቡ ቀተልቲ ሕማማት እዮም። ኣብ 2023 ካብ ዝተራእየ ናይ ሞት ሓደጋ፡ እቲ 11 ሚእታዊት (6.8 ሚልዮን ማለት እዩ) ብወቕዒ፡ እቲ 6 ሚእታዊት (3.6 ሚልዮን) ብሕማማት ሳንብእ ኣጋጢሙ።

ኣብ 2023 ሕማም ረሰዕን ጽላለን ዝኣመሰሉ ሕማማት ኣእምሮ ህይወት 2.1 ሚልዮን ሰባት ቀዚፎም እዮም። ሕማም ሽኮር ሓደ ካብ 10 ቀተልቲ ሕማማት እዩ ዝጥቀስ። በዚ ሕማም'ዚ ህይወቶም ናይ ዝሰኣኑ ሰባት ቁጽሪ 2 ሚልዮን ይበጽሕ ነይሩ። ካብ ዓመት 2000 ብዕጽፊ ወሲኹ። (ምንጪ፡- WHO)

ነብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣየኖት እዮም?

ዘይተመሓለፍቲ ሕማማት (Non Communicable Diseases - NCD) ዝበሃሉ ሕዱር ሕማማት ኮይኖም፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ወይ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዘይመሓላለፉ፡ ቀስ ኢሎም ዝምዕብሉን ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑን እዮም። ብሰንኪ ካብ ንቡር መጠን ምጉዳል ወይ ምውሳኽ ካዕታት፡ ሆርሞናት፡ ማዕድናት፡ ቀመማት፡ ምንዋሕ ዕድመን ካልኦት ለውጥታትን ናይ ኣካላት ዝኸሰቱ እኩባት ሕማማት እዮም።

- ሕማም ልቢ፡ ሓንጎልን ልዑል ጸቕጢ ደምን፡
- ሕማም ሽኮር፡
- ሕማም መንሽሮ፡
- ሕዱር ሕማማት ዕንቅት እስትንፋስ (ንኣብነት ኣዝማ)፡
- ሕማም ስነ-ኣእምሮ፡
- መጉዳእትን ሓደጋን፡
- ሕማም ዓይኒ፡ እዝኒ፡ ዓይንን ወዘተ ንምጥቃስ ይከኣል።

ንዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘቃልዑ ነብራት ብዙሓት እዮም። ብተፈጥሮ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፉ ይኽእሉ እዮም። ኣከባቢያዊ ብከላ፡ ምጥቃም ትምባኾን ፍርያቱን፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ዘይቅርዑይ ኣመጋግባ ምዝውታር፡ ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ምኻን፡ ዘይተመጣጠነ ክብደትን ቁመትን ኣካላት ምውናን፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዘይምቍጽጻር - ካብቶም ቀንዲ ጠንቅታት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት እዮም። ምውሳኽ ዕድመን ማሕበራ-ቁጠባዊ ጸገማትን'ውን ነዞም ሕማማት ከም ዘጋድዱ ይንገር።

ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብቲ ዝፍለጡሉ ቀንዲ ባህርያቶም ኣብ ልዕሊ ግዳይ ዘውርድዎ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሓልክታት እዩ። ከም ሕማም ልብን ወቕዒ ሓንጎልን፡ ሕማም ኩሊት፡ ዑረት ዓይኒ፡ ሕማም መትንታትን ሰራውር ደምን፡ ምድኻም ስርዓት ምክልኻል ሕማማትን ረኽሲታትን፡ ጭንቀትን ትሑት ርእሰ ምእላይን ከስዕቡ ይኽእሉ። ኣብ'ቲ ግዳይን ቤተ-ሰቡን እውን ከቢድ ማሕበራ-ቁጠባዊ ተጽዕኖ ይፈጥሩ።

### ልዑል ጸቕጢ ደም



ጸቕጢ ደም፡ ልቢ ንእትጭንገዮ ደም ጸቕጡ ወይ ሓይሉ ኣብ መናድቕ ደም ክዕቀን እንከሎ እዩ። ልቢ ተጨቢጣ ደም ክትጭንገዕ እንከላ 'ሰስቶሊክ'፡ ክትዝርጋሕ እንከላ ድማ 'ዲያስቶሊክ' ይበሃል። ንቡር ጸቕጢ ደም ዝበሃል ብማእከላይ ገምጋም ኣሰታት 120/80 mmHg እዩ።

መናድቕ ሰራውር ደም ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ይጸቡ እዮም። ኣብ ዝጸበሉ እዋን እቲ ብኻምብቆታቶም ዝሓልፍ ደም ከምቲ ዝድለ ስለ ዘይውሕዝ፡ ልቢ መላእ ኣካላት ዝጠልቦ ደም ከተማልእ ብሓይልን ብጸቕጥን ክትሰርሕ ትግደድ። ዝያዳ ትሃልኽ። ኣብ ከምዚ እዋን ጸቕጢ ደም ኣብ ሻምብቆ ደም ካብ ንቡር ንላዕሊ ይኸውን። ልዑል ጸቕጢ ደም ይገሃድ።

ልዑል ጸቕጢ ደም ፍሉጥ ምልክታት የብሉን። ኣብ ገለ ሰባት ግና - ሕማም ርእሲ፡ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡ ሕጽረት ምስትንፋሱ፡ ሕውዝውዝ ምባል፡ ልዑል ህርመት ልቢ፡ ተምላስን ምፍሳስ ደም ብኣፍንጫን ዝኣመሰሉ ምልክታት ይረኣዩ እዮም።



ሓደ ሰብ ልዑል ጸቕጢ ደም ክህልዎን ከይህልዎን ናብ ትካል ጥዕና ከይዱ መርመራ ብምክያድ ጥራሕ እዩ ኣሰራሩ ክፈልጥ ዝኽእል።

### ሕማም ሽኮር

ሓይሊ ዝሁብ መግቢ ካርቦሃይድረይድ ኮይኑ፡ ኣብ መስርሕ ምሕቃቕ መግቢ ተሰቢሩ ዋህዮታትና ክጥቀሙሉ ናብ ዝኽእሉሉ ናብ መውዳእታ ደረጃ ናብ ግሉኮዝ ተዳቒቑ ንሰራሕ ድሉው ይኸውን።

ኢንሱሊን ድማ ንቡር ዓቐን ሽኮር - ግሉኮስ ኣብ ደም ዝሀሉ ዓይነት ነዝዒ (ሆርሞን) እዩ። እዚ ነዝዒ'ዚ ካብ ቆስጠ (pancreas) ዝተባህለት ጽኪ ይንዛዕ። ጥዕና ቆስጠ ምስ ዝስናኸል፡ ነዝዒ ኢንሱሊን ደሰናኸል፡ ግሉኮዝ ድማ ተቓጺሉ ኣብ ጥቕሚ ዋህዮታት ኣይውዕልን። ስለዚ እቲ ዝጥዕኣ ሓይልን ሙቐትን ኣይንረክበን። ዓቐን ግሉኮዝ (ሽኮር) ኣብ ደም ካብ ንቡር ንላዕሊ ይኸውን። ሕማም ሽኮር ይገሃድ።

### ምቁጽጻር ሕማም ሽኮር

- ኣብ ፍወሳ ሕማም ሽኮር፡ እቲ ግዳይ ብዛዕባ'ቲ ሕማም እኹል ኣፍልጦ ክህልዎ መሰረታዊ ነጥቢ እዩ።
- ሕማም ሽኮር ሓንሳብ ምስ ሓዘካ ክትተናኸኖ'ምበር ኩሉዊ ከም ዘይክእል ሕሙም ብግቡእ ክርዳእ ይግባእ።
- •ቀጻሊ ጽሬት ኣካላት ምክያድ። ጥራይ እግርካ ዘይምንቅስቓስ፡ ቅድሚ ድቃስ ኣእጋር ብልቡጥ ማይ ምሕጻብን ምድህሳስን። ዓይነት ጫማ ምምራጽ። ጸፍሪ ኣጻብዕቲ ብጥንቃቐ ምስዓድ። ቀጻሊ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራታት ምክያድን የድሊ።

ሕማም ሽኮር ሓደኛ ካብ ዝኮነ ምኽንያት ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ብምኻኑ እዩ። ሕማም ሽኮር ጠንቂ ኬቶ ኣሲዶሲስ (keto acidosis)፡ ዋሕዲ ሽኮር ኣብ ደም (hypoglycemia)፡ ሕማም ዓይኒ፡ ሕማም ኩሊት፡ ምቕራጽ መሓውር፡ ረኽሲ ኣስናንን ግርጻንን፡ ምቕሳል ቆርበት፡ ሕማም ልብን ሓንጎልን፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ካልእን እዩ።

### ኣዝማ

ሕማም ኣዝማ ሓደ ካብ ዓይነታት ሕዱራት ሕማማት ስርዓት ምስትንፋስ እዩ። ኣብ ሻምብቆታት ስርዓት ምስትንፋስ ማለት ጉርጉማን ንኡስ ጉርጉማን ምጽባብን ምጭባጥን ኣኸቲሉ ዋሕዚ ኣየር ካብ ሳንብእ ብንቡር ንኸይወጽእ/ ንኸይምለስ ዓጊቱ ጸቕጢ ወይ ዕጽረ ምስትንፋስ ዘፈጥር ሕማም እዩ።

ጠንቂ ሕማም ኣዝማ ክሳብ ሕጂ እዚ እዩ ክበሃል'ኳ እንተዘይተኻእለ፡ ብሕማም ኣዝማ ዝተጠቕዑ መብዝሕትኦም ሰባት፡ ነቲ ሕማም ዘገድሶም ብዝዮዮኡ ክፈልጡን ከለልዩን ብዘይምኽኣሎም ብተደጋጋሚ ግዳያት ይኾኑ እዮም። ሰበኹ ቦኾኽታ፡ ጎሓፍ፡ ትኪ፡ ብከላ ኣየር፡ ምትካኽ ሽጋራ፡ ጸምሪ እንስሳታት፡ ጽገ ኣግራብ/ ኣትክልቲ፡ ረኽሲ ስርዓት ምስትንፋስ ወዘተ ገለ ካብቶም ሕማም ኣዝማ ከለዓዕሉ ከም ዝኽእሉ ሓካይም ይሰማምዑሉ።

ሕማም ኣዝማ ጠቕሊሉ ክሓዊ ዘይክእል'ኳ እንተኾነ፡ ኣቓዲምካ ምልክታቱ ብምልላይ ክትቆጻጸሮ ይከኣል እዩ። ነቲ ሕማም ካብ ዘበጋግሱ ነብራት ምእላይ፡ ግቡእ መርመራ ብምክያድ ግቡእ መድሃኒት ምውሳድ ይግባእ። እትድቅሰሉ/ እተዕርፈሉ ገዛ እኹል ኣየር ከም ዝህልዎ ብምግባር፡ ካብ ደርና ናጻ ብምኻን ዝሰማምዓካ ዓይነት መግቢ ብምውሳድ ነቲ ሕማም ክትቆጻጸሮ ይከኣል እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቅንያት ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ሓደገኛነት ክሊማዊ ለውጢ ዓለም

ኣብ ዝሓለፈ 150 ዓመታት ኣትሒዙ፡ ኣብ ዓለም ብሰንኪ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ናብ ጠፈር ዝበንን በከልቲ ጋዛት፡ ክሊማዊ ለውጢ እናዓበየ ክመጽእ ንዕዙብ ኣለና። እዚ ከኣ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት፡ ኢንዱስትሪታት፡ ተሽከርከርቲ፡ መራኽብ፡ ነፈርቲን ካልኦትን ብዝወጽእ ትኪ ዝስዕብ ዘሎ ኮይኑ፡ ንመነባብሮ ደቂ ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ብኣሉታ ይጸልዉ ኣሎ።

ሓያሎ ሃገራት፡ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ክሳቐያ፡ ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ክሞቱ፡ እንስሳታት ክጽንቱ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕተ ቕርጺ ከቢድ ዕንወት ክወርድ፡ ተደጋጋሚ ተርእዮ ዓለምና እዩ ኮይኑ ዘሎ። ብሓጺሩ፡ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ መላእ ዓለም ክጽሎ ንርኢ ኣለና። ይኹን'ምበር፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ሕልፊ ካልኦት ኣህጉራት ንኤውሮጳ እዩ ኣዝዩ ጸልዩዋ ዘሎ። ካብ ትጽቢት ወጻኢ ዝኾነ ማዕበላት ሙቐት፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ናይ'ታ ኣህጉር ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራታት ከውርድ ክረኣ ጸኒሑ ኣሎ። ብመሰረት ጸብጻብ፡ ዛጊት በቲ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣብ ኤውሮጳ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 150 ሚልዮን ዜጋታት ድማ ብኣሉታ ተጸልዮም ኣለዉ። ዛጊት ብመንገዲ ማዕከናት ዜና ዓለም ከም ዝተዓዘብናዮን ዝሰማዕናዮን፡ ጀርመን፡ ሃንጋሪ፡ ብሪጣንያ፡ ኦስትርያ፡ ነዘርላድስ፡ ዴንማርክን ስዊዘርላድን ኣብ ዝርከብኦን ብርክት ዝበላ ሃገራት ኤውሮጳ ዝተኸስተ መጠን ሙቐት፡ ናብ 40 ዲ.ሰንቲግሬድን ልዕሊኡን እዩ ክጸጋገዕ ጸኒሑ። በዚ ከኣ፡ ኣብ'ዘን ሃገራት በቲ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ዋዒ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ቅልውላው ተፈጢሩ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፍልታት ኤውሮጳ፡ ብተደጋጋሚ እዋን ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ክእወጅ ጸኒሑ ኣሎ። ኤውሮጳ፡ ብደረጃ'ቲ ተመዝጊቡ ዘሎ መጠን ወሰኽ ሙቐት፡ ምስ ካልኦት ኣህጉራት ክትወዳደር እንከላ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እያ ትስራዕ። ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ሕልፊ ካልኦት ኣህጉራት ኣብዛ ኣህጉር እዩም ጊዜኖም ዝረኣዩ ዘለዉ። ኤውሮጳ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1976 ዝተመዝገበ ታሪኻዊ ምንባሩ ዝነገረሉ ልዑል መጠን ሙቐት ጥራሕ፡ ልዕሊ 2 ዲ.ሰ. ዝበጽሐ ወሰኽ ሙቐት ኣመዝጊባ ኣላ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ኤውሮጳ ብርቱዕ ዋዒ ብዘስዓቦ ባርዕ መሮር፡ ኣብ ልዕሊ 400 ሽሕ ሄክታር መሬት ዝከበረ ኣግራብን ሳዕርን ሐርሻን ብሓዊ ከም እተሃሞኸ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ። እዚ ማለት ድማ፡ ካብ'ቶም ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ ዝተመዝገቡ ተመሳሰልቲ ባህርያዊ ሓደጋታት፡ እዚ ናይ ዓሚ ብልዕሊ 5 ሚእታዊት ከም ዝዓበ ተረጋጊጹ ኣሎ። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ሓባራዊ ጻዕሪ እንተ ደኣ ዘይተኻይዱ፡ መጠን ሙቐት ናይታ ኣህጉር ብኣዝዩ ተዓጻጻፊ ቁጽሪ ክውሰኽ ከም ዝኽእል እዩ ግምታት ዝወሃብ ዘሎ። ሃገራት ኤውሮጳ፡ ምሉእ ብምሉእ ናብ ተሓዳሲ ጸዓት ዘሰጋግረንን ካርቦን ምጥቃም ደው ከብላ ዘኽእለንን ስጉምቲታት ምውሳድ ድማ፡ እቲ ቀዳማይ መፍትሒ ናይዚ ጸገም ከም ዝኾነ፡ ክኢላታት እቲ ዓውዲ ይመኽሩ ኣለዉ። ካብ'ቶም ክሊማዊ ለውጢ ንምብዳህ ክንጥቀመሎም እንኽእል ኣማራጺታት ድማ፡ ተጠቃምነት ከሰል ብምጉዳል ወይ ብምትራፍ ናብ ጸሓያዊ፡ ማያዊ፡ ንፋሳዊ፡ ከምኡ'ውን ናብ ኒኩሌሳዊ ጸዓት ምስግጋር ምዃኑ፡ እቶም ክኢላታት የረድኡ። ብመሰረት ጸብጻብ፡ ከም ዴንማርክ፡ ብሪጣንያ፡ ሞሮኮን ቺለን ዝኣመሰላ ሃገራት፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ ሓያል ስራሕ ካብ ዘካይዳ ዘለዋ ቀዳሞት ሃገራት ምዃነን እዩ ዝንገር። የግዳስ፡ ዛጊት ኑቲ 'መጠን ወሰኽ ክሊማዊ ዋዒ ኣብ 1.5 ዲ.ሰ. ምድራት' ዝብል ሸቶ ዘወቕዐት ዝኾነት ሃገር የላን።

መጠን ሙቐት ዓለምና እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ብጦፕነጡ ዝመሓላለፍ ሕማማት'ውን ፍጥነቱ ይውሰኽ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣሰካፊ ጉዳይ ኮይኑ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ፡ ኣብ ሓያሎ ዜጋታት ዝተራእዩ ለበዳዊ ሕማማት፡ ሙብዛሕትኦም ምስ ኩነታት ኣየር ዝተኣሳሰሩ ምንባሮም እዩ ውድብ ጥዕና ዓለም ዘረድእ። ውድብ ጥዕና ዓለም ወሲኹ፡ "ልዕሊ 90 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ዓለም ዝተበከለ ኣየር እዩ ዘስተንፍስ ዘሎ፡ " ብምባል'ዩ ዘጠንቀቐ። እዚ ብናይ ስርዓተ ምስንፋስ ጸገማት ዝስዕብ ሞት ከኣ፡ ኣብ ኣፍሪቃ እቲ ካልኣይ ዝዓበየ ጠንቂ ሞት ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ'ዩ ከኣ ውድብ ጥዕና ዓለም ኑቶም ምስ በከልቲ ጋዛት ናብ ጠፈር ዝበኑ ጎዳእቲ ባእታት ዝስዕብዎ ሕማማትን ሞትን ንምንካይ፡ ተጠቃምነት እዞም በከልቲ ጋዛት ክጎድል ተደጋጋሚ ጻውዒት ዘቕርብ ዘሎ።

ብደረጃ ዓለም፡ ካብ 2000 ክሳብ 2019 ጥራሕ፡ ምስ ብርቱዕ ሙቐት ብዝተኣሰሩ ሕማማት ኣስታት 489 ሽሕ ሰባት ሂወቶም ስኢኖም እዮም - ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም። ሱብ ሞያ ጥዕና ከም ዝሕብሩዎ፡ ሙብዝሕትኡ እዋን፡ ኣካላትና ልዕሊ'ቲ ክጻወሮ ዝኽእል መጠን ሙቐት ምስ ዝረክብ እዩ ንሓደጋ ዝቃላዕ። እዚ ማለት፡ ኣካላትና ንንውሕ ዝበለ መዓልታት ቀትርን ለይትን ኣዝዩ ብርቱዕ ምቖት ምስ ዝረኽቦ፡ ክጨናነቕ ይጅምር። በዚ ከኣ፡ ኣረጋውያን፡ ነፍሰ ጾራት፡ ቆልዑ፡ መጽለሊ ዘይብሎም ግዳም ሓደር፡ ሕዱር ሕማም ዘለዎም፡ ከምኡ ከኣ ኣብ ደገ (ክፉት ቦታ) ዝሰርሑ ሰባት፡ እቶም ቀንዲ ተጠቃዕቲ ይኾኑ።

ብመሰረት መጽናዕትታት፡ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ዘመን፡ ብሰንኪ ብርቱዕ ዋዒ ዓመታዊ ካብ 8 ሽሕ ክሳብ 80 ሽሕ ሰባት ክይሞቱ ተሰጊኡ ኣሎ። ስለ ዝኾነ፡ ብዙሓት ሃገራት፡ ንዘመጽእ 2050 ዝኣትዋኦ ዘለዋ ሙብጽዓታት እኹል ስለ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝቕጽላ ዓሰርተ ዓመታት ናይ ሓጺር እዋን መደባተን ሓንጺጸን ስጉምቲታት ንኽወስዳ ጸቕጢ ክግበረለን ከም ዘለዎ እዮም ክኢላታት ዘመልክቱ። ኣህጉራዊ ዋዕላ ክሊማዊ ለውጢ፡ ንፈለማ እዋን ኣብ 2015 ኣብ ኩተማ ፓሪስ - ርእሰ ኩተማ ፈረንሳ ኣብ ዝተቓንዓሉ እዋን፡ ኣብቲ ዋዕላ ተሳተፍቲ ዝነበራ 195 ሃገራት፡ መጠን በከልቲ ጋዛት ንምንካይ እኳ ስምምዕ እንተ ኩተማ፡ 85 ሚእታዊት ካብኣተን ግን ብሰንኪ ናይ ውሽጠን ጸገማት ንትግባረኡ ደሰርሓ ከም ዘየለዋ እዩ ዝንገር።

ህዝቢ ዓለም ድሮ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ክሳቐ ጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ሰፍ ዘይብል ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት ይወርድ ኣሎ። ዓለምና ተትክኾ ዘላ ካርቦን ምስ ዘይተጉድሎ ድማ፡ እቲ ዝርኣ ዘሎ ከቢድ ክሳራታት ብዕጽፍታት ክዓቢ ከም ዝኽእል ተደጋጋሚ መጠንቀቕታታት ይወሃብ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ መጠን ሙቐት ዓለምና ሓድሽ ክብረ ወሰን እናሓዘ ብምኻዱ፡ ንዘመጽኡ ወለዶታት ኣብ ከቢድ ሓደጋ ከውድቖም ምኳኑ እዩ እቲ መጠንቀቕታታት ዘመልክት።






### ሎሚ ኣብERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካመራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 14:45 | ጨፌራ ጥዕና |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ |
| 19:20 | እትመት |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | ገሉብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዕላል ምስ ደራስን ዳይረክተርን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እንዳ ዝማም |

ሪፓርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ 'ዲጋ ደናሪ'

ዳህላክ ነጋሲ
ስእሊ - መብራህቱ ኣሚን

ኣብ ደቂሽሓይ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰቡ ብምውህሃድ ህዝብን መንግስትን ዝተሃንጸት ዲጋ "ደናሪ" ብ27 መስከረም ተመሪቓ። ኣብቲ ዕለት ብተወሳኺ መመረቕታ ሰለስተ ፕሮጀክትታት - ምኹዓት ክልተ ዒላታት፡ ምህናጽ ኣብያተ-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢን ምሕደራ ልምዓት ማይን ከምኡ'ውን ዳግመ ምዝርጋሕ መስመር ኤሌክትሪክ ብኸብ ዝበለ ስነስርዓት ተጻንበሉ። ህዝቢ ደቂሽሓይ እኹል ቀረብ ማይ ስለ ዘይጸንሖ፡ ናብ ከባቢኡ ዝርከብ ዓድታት ብምጉዓዝ ማይ ክኻርት ክግደድ ጸኒሑ። እቲ እተፈላለየ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝተዋደደሉ ህዝቢ ደቂሽሓይ፡ ኣብቲ ዕለተ መመረቕታ ኣብ ወጅሃቱ ዓሲሉ ዝበረ ፍሰሃ መንፈሰን ባህታን ብምዕዛብ ጥራይ፡ ዝረኸቦ ሩፍታ ወይ ማስተርሆ ዓቢ ምዃኑ ክትግንዘብ ትኽእል።



ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ

ኣብቲ ኢጋጥሚ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ደቂሽሓይ ኣቶ ነጋሲ ወልደስላሰ ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃሉ፡ ህዝቢ ደቂሽሓይ ኣብ ትሕቲ ሸሞንተ ኮማትን 16 ጉጅለታትን ዝተጠርነፈ ኩይኑ፡ ኣብ 1970ታት ካብ ዝተኻዕተት ዲጋ 'ደወልቐ' ብመገለል እናጓረተ ንሓያሎ ዓመታት ክግልገል ድሕሪ ምጽናሑ፡ ኣብ 2004 ብመንግስቲ ዓላ ተሃዲሙ፡ ትቦታት መስመር ማይ ተዘርጊሑ ከምኡ'ውን ኣብ 4 ነቑጣታት እናተዓደለ ንሰብን ጥሪትን ኣገልግሎት ይህብ ከም ዝነበረ ገሊጹ። እንተኾነ እቲ ቀረብ ምስ ብዝሒን ዝርግሐን ናይቲ ዓዲ ዝዳረግ ስለ ዘይነበረ፡ ብፍላይ ኣብ 2018 ብሰንኪ ዝተኸስተ ድኽምን ወሓድን ዝርግሐ ማይ ኣቡታ ዝቖጸለት ዓመት ከቢድ ጸገም ከም ዘጋጠመ እዩ ሓቢሩ። ከም ሳዕቤኑ ህዝቢ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ዓድታት እናተጓዓዘ ማይ ከምጽእ ይግደድ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ዘላቒ ፍታሕ ንምምጻእ ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት መጽናዕትን ዳህሳስን ብምክያድ፡ ዲጋ ንምህናጽ ብመሰረት ዝወጸ ወጥን ንበርቲ ዞባ ተፈ ኣኼባታት ብምክያድ እተፈላለየ ውሳኔታት ከም ዝሓለፈ፡ በዚ ኸኣ ብደገፍ ህዝብን መንግስትን ክትህንጽ ከም ዝኸኣለት ይሕብር።

ኣቶ ነጋሲ ኣስዒቡ፡ "ቀንዲ ዕላማ ምስራሕ ዲጋ ደናሪ ጽሩይ ዝሰተ ማይ ንህዝብን ጥሪትን ምርግጋጽ እዩ። ነዚ ክውን ንምግባር፡ ኣብ ትሕቲ ዲጋ ክልተ ዒላታት ብምኹዓት ጽሉያዊ ጸዓት ተተኺሉ። ብተወሳኺ፡ ናይ 5.5 ኪሎ ሜትር ትቦታት ናብ ኩድን ዓዲ ቶኽሎይን ተዘርጊሑ ኣሎ። ካልእ፡ 12 ነቑጣ ብምስራሕ ማስመሪት ማይ ንኣስታት 526 ውልቀሰባት ናብ መንበሪ ቤቶም ተዘርጊሑ ህዝቢ ጽሩይ ዝሰተ ማይ ክረክብ በቒዑ ኣሎ። ህዝቢ ደቂሽሓይ ብርክት ዝበለ ማሕቶታዊ ንጥፈታት ከም ምኹዓት ማስመሪት ማይን ምግዕዓዝ ትቦታትን ዝኣመሰሉ ዕማማት ብትግሃት ኣሰላሲሉ እዩ። ካልእ ኣብ መጻኢ ምስ ዝርግሐን ሰፍሓትን ዓዲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብሸነኽ ምዕራብ እትርከብ ዝጠን ዝፍለጥ ከባቢ ቀረብ ዝሰተ ማይ ክዋደደሉ ውጥን ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ እዋን ብሳላ ዝተሃንጸ ኣብያተ-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባብን ልምዓት ማይን ክራይ ገዛ ካብ ምኽፋል ተገላጊልና ንርከብ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኤሌክትሪሲቲ ቅድሚ 20 ዓመታት ኣገልግሎት ክህብ እኳ እንተ ጀመረ፡ ምስ ግዜ ብዝሒ ተጠቀምቲ እናዓበየ ክመጽእ ተራእዩ። እንሆ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕርታት ኣብዚ እዋን ንኣስታት 573 ውልቀሰባት መስመር ኤሌክትሪክ ተዘርጊሑ ኣሎ።

ዲጋ ምስ ተሰርሐ ንምክንኻኑን ውሕስነቱ ንምርግጋጽን ሓያል ጻዕሪ ከም ዘድልዮ ንጹር እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ክንድ'ቲ ንምስርሑ ዝሓተቶ ከቢድ ዋጋ፡ ቀጻልነቱ ምውሓስ ድማ ልዑል ሓላፍነት ይጠልብ። ብዘይካ'ዚ፡ ዘውህሎ ማይ ናብ ልምዓታዊ ማስኖኣዊ መደብት ምቕያር ከምኡ'ውን ዓሳታት ብምዝራእ ዜጋታት ዝተመጣጠነ መኣዝዊ መግቢ ከም ዝምገቡ ምግባርን ካልእ ብዙሕ ረብሓታትን ዘጥመረ እዩ።

ካብዚ ብምቕጻል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ቃል ኣሰሚዑ። ንሱ፡ "ንትሰፋው ወፍሪ ልምዓት ዝተበገሰን ዝመረሸን ዓጋቲ የብሉን። ብሳላ



ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዝና ክንምርሽ ዝኸኣልና ኣብ ዓወት ክንበጽሕ ክኢልና ኣሎና። ህዝቢ ገዚፍ ወጻኢታት ብምስዕ ኣብ ምዝዛም እዛ ዲጋ ዝለዓለ ኣበርክቶ ነይሩዎ። ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ፡ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን - ክፍሊ ሃብቲ ማይ እተፈላለየ ሓገዛት ከም ምምዳብ ክኢላዊ ዓቕሚ ሱቡ፡ ትቦታት፡ ስሚንቶ፡ ሶላርን ካልእን ሓገዛት ከም ዘበርከተ ይፍለጥ። ክንዲ ዝኾነ ህዝቢ ብርክት ዝበለ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምእንቲ ክረክብ እተፈላለዩ ኣካላት ንዘተጻወትዎ ተራ ልዑል ምስጋና ይግባኦም። እዚ ኣብ መመረቕታ በጺሑ ዘሎ ልምዓታዊ ንጥፈታት ደራኺን ፈጠራዊ ለውጥን ዝሓዘ ብምዃኑ፡ ህዝቢ ውሕስነቱ ንምርግጋጽ ብትግሃት እንተ ዘይዓየዩ ከምኡ ድማ፡ ኣብ ምሕደራኡ ቁጽጽርን ምኽትታልን እንተ ዘይተገይሩሉ እተበገሰ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ነዊሕ ከይሰጎመ ክዕኑን ክበርስን ይኽእል። ስለዚ፡ በዚ ኢጋጥሚ ህዝቢ ክንድ'ቲ ንምህናጹ ዝኸፈሎ ዋጋ ቀጻልነቱ ኣብ ምርግጋጽ'ውን ከይተሓለለ ክጽዱይ ኣለዎ።" ክብል መደረኡ ዛዚሙ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ክሳብ 2026 ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብዘይካ'ተን ዓበይትን ስትራተጂያውያንን ዲጋታት ብተወሳኺ ኣስታት 2.9 ሚልዮን ሜትሮ ኩብ ማይ ክኸብዛ ዝኽእላ 24 ዲጋታት ከም ዝተሰርሓ ብምግላጽ፡ ካብዚ'ኣተን እተን 14 ዲጋታት (51%) ኣብ ሎጎ-ዓንሰባ ከም ዝርከባ ከምኡ'ውን እተን ዲጋታት ኣብ ምቕላል ጸገማት ቀረብ ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ዘይናዓቕ ኣበርክቶ ከም ዘለወን ይሕብር። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብዘይካ ኣብ መመረቕታ ዝበጽሐት ዲጋ ደናሪ ካልኦት ኣርባዕተ ዲጋታት ኣብ መስርሕ ህንጻት ከም ዝርከባ ወሲኹ ይገልጽ። እቲ ብልዑል ወጻኢታት ዝተሰርሐ ዲጋ ብድብት ከይመልእን ከይብላዕን ህዝቢ ልዑል ምኽትታል ክገብር ከም ዘለዎ

ብምዝኽኻር፡ ኣብ ምዝዛም ናይ'ቲ ፕሮጀክትታት ዝበረ ሓያል ተሳትፎ ህዝቢ ብምምጓስ ብፍላይ ንትገህ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣመስጊኑ።

ስዒቡ፡ መስርሕ ህንጻት ዲጋ ደናሪ ዝተኸታተለ ኢንጅነር ምስጉን ዓንደሃይማኖት፡ ሓጺር ጸብጻብ ኣቕሪቡ። ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት ህዝቢ ደቂሽሓይ ብዘበርዕ ጸምኢ ቀረብ ዝሰተ ማይ ናብ ካልእ ቦታ ተሰዲዱ ማይ ከምጽእ ይግደድ ከም ዝነበረ ይገልጽ። ክንዲ ዝኾነ ሕጽረት ዝሰተ ማይ ንምፍዋስ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ዲጋ ዝርከብ ኣስታት 15 ሄክታር መሬት ንምልማዕ ዓሊማ ከም ዝተሰርሐት ይሕብር። ዲጋ ደናሪ ኣስታት 375 ተፋሰስ ዘለዎ ኩይኑ፡ ክትከዝኖ እትኽእል መጠን ማይ ኣስታት 150 ሽሕ ሜትር ኩብ ከም ዝኾነ ብተወሳኺ እታ ዲጋ ብ10.5 ሜትሮ ኺ



ኢንጅ/ ምስጉን ዓንደሃይማኖት

ተብሪሳ ኣርባዕተ ሜትሮ ድማ ማሰረት ከም ዝኣተወ የፍልጥ። ብዘይካ'ዚ፡ እታ ዲጋ ካብ ባይታ 10 ሜትሮ ካብ ማሰረት ድማ 14 ሜትሮ ወጺኣ ከም እትርከብ ወሲኹ ይጠቅስ። እታ ብምውህሃድ ህዙብን መንግስትን ዝተሰርሐት ዲጋ መስርሕ ህንጻታ ኣስታት 6.5 ሚልዮን ናቕፋ ከም ዝጠለበ ይሕብር። መስርሕ ህንጻት ፈሊሙ ክሳብ ዝዛዘም ብመልክዕ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ተሰኒዱ ኣሎ። ስለዚ፡ ጸገማትን ብድሆታትን ብሓደ ሸነኽ ብኻልእ ወገን ከኣ ቅድምን ድሕርን ምስርሓ ዝበረ ኩነታት ብንጹር ዝገልጽ ኩይኑ፡ እቲ ዝተቐርጸ ምስሊ ንኻልኦት ከም መወከሲ የገልግል ከም ዘሎ የብርሁ።

"ደቂሽሓይ ኣብ ልምዓትን ምሕደራን ጸጋታት ማይ ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዋ ምምሕዳር ከባቢታት ኣብ ቅድሚት ትስራዕ። እዛ ዓዲ ብወገን ሃብቲ ማይን መሻርኽቲ ልምዓትን ከም መምሃሪ ባይታ'ያ እትረኣ። ከም እንተ ሓቢሩ ምሕደራኡ እንተ ኣሐይሉን ማስሙሩ እንተ ኣጸፈሩን ዝርጋጥሞ ብድሆ ብዘረም ብቐዓት ነባሪ ፍታሕ ዝፈጥር ዓቕሚ ከም ዘጥሪ ብዘመኽሮ ደቂሽሓይ ኣመስኪሩ

እዩ። ኣብ 2024 ኣብ ሃገር ሸወደን ብደረጃ ኣህጉር ኣብ ዝተኻየደ ቅነ ማይ፡ እቲ ዝቐረበ ተመኩሮ ብፍሉይነቱ ካብ ብዙሓት ወገናት ኣድናቖት ረኺቡ'ዩ።

ካብ ክፍሊ ሃብቲ ማይ ክኢላ ምሕደራ ጸጋታት ማይ ኣቶ በረኸት ሞጎዝጊ፡ "በዚ ከኣ ኣብ ሃገርና ዘሎ ከይዲ ኮም ዝሰረቱ ምሕደራን ልዑል ተሳትፎ ህዙብን ኣድማዕነቱ ዓለማዊ ግንዛበ ክረክብ ክኢሉ። ከምኡ'ውን ኮሚተ ስርዓት ቀረብ ማይን ጽሬትን ደቂሽሓይ ኣብ 2018 ብደረጃ ሃገር ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ቀዳመይቲ ከም ዝወጸት ይፍለጥ። ህዝቢ ደቂሽሓይ ንስራሕ ዝመርሐን ክውን ዝገበርን ሓይሊ ሓሳብ ዘውንን ህዝቢ እዩ። ከምኡ'ውን ነበርቲ ሎጎ-ዓንሰባ ዘውንንዎ ክእለትን ጥበብን በቲ በዓሊ ዝኹነ ኣጻድፍ፡ ደናጉላን ኣኻውሕን ዝተሰለመ ቅርጺ መሬት ከይተዓግቱ ዓበይ ዕማማት የካይዱ ኣለው።" ብምባል ሓያል መንፈስ ዓያይነት ህዝቢ ደቂ-ሽሓይ ይገልጽ።

ንበርቲ ደቂሽሓይ ወከሎም ኣቦ መንበር ልምዓት ዓዲ ኣቶ ሰመረ



ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ

እማሓጸየን ብምኽንያት ምስራሕ ዲጋ ደናሪ ዝተሰምዖም ሓጎስ ክገልጹ እንከለው፡ ህዝቢ ናይ'ቲ ዓዲ ንሓያሎ ዓመታት ብስእነት ማይ ክሸገር ከም ዝጸንሐን ከም ሳዕቤኑ መዓልታዊ ማይ ንምጉራት ነዊሕ ርሕቀት ይጉዓዝ ከም ዝነበረን፡ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ከባቢ ዲጋ ብምህናጻ ኩሉ ነባሪ ዓቢ ሩፍታ ከም ዝተሰምዖ ይሕብሩ። እቲ ዝነበረ ከቢድ ጸገም መፍትሒ ከም ዝረኸበ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ዓቢ ጻር ስለ ዝተራገፈሉ ኣብ መጻኢ ብእተፈላለየ ኣገባብ ካብታ ዲጋ ተረባሒ ንክኸውን ልዑል ተስፋ ከም ዘለዎ ይገልጹ። እታ ዲጋ ኣብ



ኣቶ ነጋሲ ወልደስላሰ

መፈጸምታ ክትበጽሕ ዝምልከቶም ኣካላት ዝለዓለ ተራ ከም ዝበርዎም፡ ብዘይካ'ዚ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወጻኢን ዝቦበሩ ተወለድቲ ዓዲ ሓያል ውዳበ ከም ዘካየዱ ብምጥቃስ፡ ኣበርክቶ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ መሪሕ ተራ ከም ዝበሮ ይሕብሩ።

ደቂሽሓይ ሓንቲ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ሎጎ-ዓንሰባ ኩይና፡ ብዝሒ ህዝቢ ብመንጽር ስድራ-ቤታት ኣስታት 1,290 ክኸውን እንከሎ፡ ብትንፋስ ድማ ኣስታት 6,000 ይበጽሕ። ብዘይካ'ዚ፡ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርትን ማእከል ጥዕና ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባን ኣብ ደቂሽሓይ ይርከባ።



# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ዕቃብ ብረት ዞባ ሰሜንን ኣግማሉን



ገለ ካብ ኣባላት ዕቃብ ብረት ማሰርዕ ሰሜናዊ ባሕሪ

ሰውራ ኤርትራ፥ ኣብ ዓመት 1978፥ ንዘጠዙላ ከተማታት ሃገርና ካብ ወራሪ ሰራዊት ጸላኢ ሓራ ገይሩ፥ ዝሰፍሐ መሬት ተቖጻጺሩ ነበረ። ድሕሪ መፋርቕ ናይቲ ዓመት'ቲ ግን፥ ሚዛን ሓይሊ ተቐያይሩ። ርእሰ ሓያል ሕብረት ሶቬት ምስ ሰዓብታ ምትእትታው ገይራ ኣብ ኂ. ስርዓት ደርግ ስለ ዝተሰለፈትን ኣብ ኣፍሪቃ ተዓጢቑ ዘይፈልጥ ዘመናዊ ኣጽዋር ስለ ዘዕጠቐቶን፥ ሰውራ ኤርትራ ስትራተጂካዊ ምዝላቕ ገይሩ። መብዛሕትኦን ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ንሳሕል ከዝልቃ ከለዋ፥ ገለ ኣሃዱታት ተዋጊኦ. ሰራዊትን ክፍልታትን ግን ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ (ሰሜናዊ ባሕሪ) ተሪፈን፥ ሓወሲ. ደጀን'ውን ማሰሪዖን።

እዘን ኣብ ድሕሪ ማስመር ጸላኢ. ዝተረፉ ኣሃዱታት፥ ካብ ሓወሲ. ደጀን ሰሜናዊ ባሕርን ካልእ ከባቢታትን እናተበጸሳ ብዙሕ ስራሕ ይዓምማ ነይረን። በቲ ሓደ ወገን፥ ኣብ ልዕሊ. ጸላኢ. ናይ ደባይን ተንቀሳቓስን መጥቃዕትታት ከካይዳ ከለዋ፥ በቲ ኻልእ ወገን ከኣ፥ ንህዝቢ. ኣብ ምውዳብ፥ ምንቃሕን ምዕጣቕን ዓቢ. ተራ ተጻዊተን።

ክፍሊ. ዕቃብ ብረት ድሕሪ ማስመር ጸላኢ. ዞባ ሰሜን፥ ሓንቲ ካብዘን ዝተጠቕሳ ኣሃዱታት ኮይና፥ ነተን ኣብቲ ከባቢ. ተሪፈን ዝንቀሳቐሳን ወተሃደራዊ ስርሒታት ዘጣጥፋን ዝነበራ ኣሃዱታት ተዕጥቕ ዝነበረት ማሰርዕ እያ። እዛ ማሰርዕ'ዚኣ፥ ኣብ መርከስ ዝተባህለ ቦታ (ሰሜናዊ ባሕሪ) ዝዓስከረት ኮይና፥ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሰባትን ዕስራን ሓደን ኣግማልን ነይሮማ። ዕላማት (ሕላገት) ኣምማሉ ቅርጺ. ኩናት እዩ። መዓስከሪ. ኣጽዋራ፥ ካብ ዝዓስከረትሉ ቦታ ርሒቕ ኢሉ፥ ብምብራቕ ክሳብ ሽዑበን ቅንጻልን፥ ብደቡብ፥ ክሳብ ርበል ዘሎ ቦታታት ተዘርጊሑ፥ ኣብ ጉናጉዲ ቀብራቶ ነበረት። ተኳሲ. ጥራይ ዝተዓቀበሉን ሸሞንተ ፈስቶታት፥ ኣብ ርበል ቀብራተን ነበረት። ከባቢ. ሽዑበን ቅንጻልን እቲ መሬቱ ሑጻ ስለ ዝኾነ፥ ተተኳሲ. ከዒትካ ንኽትቀብረሉን ከተመሳስሎን ከም'ኡ'ውን ካብ ናይ ባልዕ ፍልሖ ውሑስ ብምዃኑ፥ ዝተመርጸ ከባቢ. እዩ።

እዛ ኣብ መርከስ ጥራይ ኮይና ንኣሃዱታት ተዕጥቕ ዝነበረት ማሰርዕ ምስ ሰፊሓት ቦታታት ተወሳኺ. መዐደሊ. ነቑጣ ወይ ኣሃዱ ኣድሊዩ። ዝ. ንምፍታሕ ደማ ከባቢ. ዓሊገደ ተመርጸ'ሞ፥ ኣብ መጠረሽታ 1980 ኣብዚ. ዝተጠቕሰ ቦታ ሓንቲ ተወሳኺት ማሰርዕ ኣንቀረት (ኣቐመት)። ኣገዳሲ ኣተዓቓቕባ ኣጽዋር፥ ኣባላትን ኣግማሎምን ጥራይ ዝፈልጥዎ፥ ኣብ ትሕተ-ባይታዊ ጉዝን (ኣንደር ግራውንድ) ጉናጉድን ኮይኑ፥ ምስቲ ከባቢ. ፍጹም ዝተመሳሰለ፥ ኣዝዩ ምስጢር ነይሩ። ኣሃዱ ዕቃብ ብረት ሰሜን፥ ብዘርግሐ ኮነ ብመጠን ቀረብ

ዕጥቂ፥ ንዘኸኑት ኣሃዱ፥ ኣብ ኩሉ ቦታታት እናተንቀሳቐሰት፥ ከይተጸገመትን ዘድልያ ተተኳሲ፥ ተኳሰን ዕጥቅን ክትዓጥቀሉ ዘኽእል ኣገባብ ዝርግሐን ኣተዓቓቕባን ነይሩዋ። ንጥፈታት ከምዚ. ኢሉ እናኸደ፥ ጸላኢ፥ መጥቃዕቲ ሻዱሻይ ወራር ኣብ ሳሕል ቅድሚ ምኽፋቱ፥ ኣቐዲሙ ኣብ ድሕሪ ማስመር ንዝነበራ ኣሃዱታት ክሃድኖ'የ ጀሚሩ። ንሓወሲ. ደጀን ሰሜናዊ ባሕሪ ንምጥቃዕ ብሹዱሽተ ኣንፈታት ወፊሩዋ። ብኣፍዓበት፥ ብከረን፥ ብቦርኽሽም፥ ብጋሕተላይ፥ ብኸላገዕ፥ ... ።

ኤምዳድ ከኣ፥ ኣጽዋርም ኣብ ዘለዎ ጉዳይም ምስተን ካልኦት ኣሃዱታትን ክፍልታትን ውድብ፥ ጸርግያ ኣስመራ ከረን ብደቀምሓረ (መቓብር ሓርበኛታት ዘላ) ሰንጢቑም ምሉኻይ ኣተወ። ቅድሚ ኑብሶም ምዝላቖም ግን፥ ንኣግማሎም'ዩም ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ከም ዘዘልቑ ገይሮም። ኣቐዲሞም ነቲ ዝሰዕበ ዝነበረ ኩነታት ብምግምጋም፥ ነቲ ቅርጺ. ኩናት ዝነበረ ዕላመት ኣግማሎም ቀየሩዎ። ብመትከሳ ገይሮም ናብ ካልእ ቅርጺ. ብምቕያር ከምዝዩ ፍለጥ ገይሮሞ። ዝ. ድሕሪ ምጽፋፍ፥ ብመንገዲ እሙናት ጉር ናብ ደጀን ክሰግሩ ኣበጊሶዎም። ዝተጠቐምሉ መንገዲ፥ ብምሕላብ ገይሮም፥ ብማእከል ከረን ሰንጢቖም ንገርገር ከም ዝበጽሑ ተገይሩ።

ጸላኢ፥ ናብ ሰሜናዊ ባሕሪ ወፊሩ ዳህሳስ ገይሩ ድሕሪ ምምላሱ፥ ማሰርዕ ኤምዳድ ኣብ ምሉኻይ ናብ ክልተ ተመቒሉ፥ መብዛሕትኦም ንሊዩቶ (ምድሪ ደንበላስ) ክኸዱ ከለው፥ ሹዱሽተ ሰባት ከኣ ናብ መርከስ (ሰሜናዊ ባሕሪ) ብምምላሱ፥ ህላወ ንብረቶም ክፍትሹ ጀሚሮም። እቲ ኣብ ምስጢራዊ ቦታ ዝተኸዘነ ኣጽዋር ከኣ ከይተተንከፈ ጸኒሑዎም። ጸላኢ፥ ነቲ ኣብ መዓስከር ዝጸንሖ ናውቲ ቤት ጽሕፈታት ጥራይ ኣቃጺሉ፥ ንሓንቲ ኣብ ጥቓ መዓስከር ዝነበረት፥ ግን ከኣ ንብረት ዘይነበራ ኣንደር የዕጽዋ ተመሊሱ።

ካብዮም ንመርከስ ዝተመልሱ ሽዱሽተ ኣባላት ኤምዳድ፥ እቶም ክልተ ብስራሕ ናብ ካልእ ቦታ ስለ ዝኸዱ፥ ሓላፍነት



ገለ ካብ ኣባላት ዕቃብ ብረት ማሰርዕ ገርገር

ምዕጣቕ ኣብዮም ዝተረፉ ኣርባዕተ ሰባት ጥራይ ወደቐ። እዞም፥ ማሰራቲ ማሰርዕ ሰሜን ተኸስተ ጼጋይ ዝርከቦም ኣርባዕተ ዝተረፉ ተጋደልቲ፥ ብዘይኣ'ቲ ልሙድ ስራሖም፥ ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ናብ ደንጎዘንን ዓንሰባን ከም'ኡ'ውን ብኣንጻሩ ንዘዋግር ምስግጋር ማስመር ጸርግያ ኣስመራ-ከረን ይተሓጋገዙ ነይሮም። ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ሰራዊትን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር፥ ንጸርግያ ቀሪጾም ኣብ ዝሰግሩዎ ካብን ናብን ምንቅስቓሶም መንገዲ ብምምራሕ ኣብ ዘዋግር ሓገዙ። ተወሳኺ. ዕማም ኣባላት ኤምዳድ ኮይኑ ቀጺሉ።

ምስ ግዜ፥ ጸቕጥን ወፍርታትን ጸላኢ. ስለ ዝበርትዐ በቲ ኻልእ ገጽ ደማ ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ካብ መሬት ኤርትራ ምስ ተጸርገት፥ ክሸፈንን ክዕመምን ዘለዎ ቦታታት ብሰፊሓት ስለ ዝወሰኸ፥ እሞ ህዝቢ'ውን ክዕጥቕ ኣለዎ ስለ ዝተባህለ፥ ክፍሊ. ዕቃብ ብረት ማሰርዕ ሰሜን ዝሓሸ ማእከላይ ቦታ ክትሕዝ ነይሩዋ። ኣብ መጠረሽታ ናይ 1981 ዓ/ም ከኣ፥ ምስተን ካልኦት ኣሃዱታትን ክፍልታትን ውድብ ብምዃኑ ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ናብ ምሉኻይ ግዓዝት። ውሑድ ኣጽዋር ጉዲፉ፥ ንመብዛሕትኡ ብምትሕብባር ህዝቢ፥ ካብ ሰሜናዊ ባሕሪ ጸርግያ ኣሳገራ ናብ ምሉኻይ ኣግዓዝዎ።

እዛ ማሰርዕ ኣብ ምሉኻይ ዓቕሚ ሰብ ኣየልደላ፥ መዕቀቢ. ኣጽዋር ዝኾውን ትሕተ-ባይታዊ ጉዝን ጉናጉድን ኣዳልያ ዓቀቢቶ። ካብዞን ተኳሲ. ሐዘን ኣብ ርበል ዝተቐብራ ሸሞንተ ፈስቶታት፥ ብሰንኪ. ውሕጅ ዝሰዓበ ምቅይያር ቅርጺ. መሬት፥ ክልተ ፈስቶታት ተሳኢነን። ገለ ካብዮም ኣብ ምቕባር ናይተን ፈስቶታት ዝተሳተፉ፥ ኣብ 1987 ዓ/ም ንምርካበን ጸዒሮም ነይሮም፥ ግን እንተርፎ. ሃልኪ. ፋይዳ ኣይረኸቡሉን።

ኣባላት ናይ'ዛ ማሰርዕ ኣብ ምሉኻይ ብምዃን ናብ ዓንሰባን ሰሜናዊ ባሕርን ንዝንቀሳቐሳ ኣሃዱታት ምዕጣቕ ቀጺለት። እንተኾነ፥ ብዘይ ዕንቅፋትን ማሰናኽልን ዝሰራሕ ስራሕ ኣይነበረን። ዋላ'ኳ ምስ ምኡላይ ተጋደልቲ ሓርነት ሰፊሕ መንቀሳቐሲ. እንተተረኽበ፥ ጸኒሑ ግን፥ ምንቅስቓሳት ሰለያን 'ወዶገባን' ጸላኢ. እናበርትዐ ስለ ዝመጸ፥ ኣብ ምሉኻይ ኴንካ ጉዳይ ድሕነት ዝተዓቀበ ኣጽዋርን ማሰርሕ ግቡእ ምዕጣቕን ኣጸጋሚ ኮነ። በዚ. ምኽንያት፥ ማሰርዕ ሰሜን መጀመርታ ናብ ደናጉል፥ ኣብ መጠረሽታ 1984 ኣብ ገርገር ዝኣክል መዕቀቢ. ኣጽዋር ድሕሪ ምድላው ናብኡ (ከባቢ. ላዕላይ ባርካ) ግዓዘት።

ገርገር (ሰሜን)፥ ብምብራቕ ምስ ዓቕበት ብዓሉ፥ ብሰሜንን ደቡብን ከኣ ብዓበይትን ንኣሹቱን ኣኽራናት ዝተሓጽረት፥ ንሸነኽ ምዕራብ እናሰፍሐ ዝኸይዱ ኈላጉል ባሕሮይን ሰንጭሮታት እንጂሓይን (ክልተኡ ንኣሹቱ ዓድታት'ዩ) ይርከቡ። ኣብ ከበኣ'ውን ውሑዳት ዘይኮና ንኣሹቱ ካልኦት ዓድታትን ደንበታትን ይርከቡ። ከም ዒን ዝኣመሰለ ናይቲ ግዜ'ቲ ብጉዲ ዕምርቲ ካብ ሱዳንን ኣስመራን ከይተረፉ ሽቃጦ ዝጎዱላ ዝነበሩ ፍልጥቲ ዓዲ እያ። ብፍላይ ካብ መጠረሽታ 1984 ንደሓር፥ ናይተን ኣብቲ ከባቢ. ዝንቀሳቐሳ ኣሃዱታት ሓወሲ. ደጀን ነይራ። ዞባዊ ሰራዊት፥ ምልሻ፥ ስለያ፥ ኮማንዶ፥ ጀማሂር፥ ሃንደሳ፥ ስንቂ፥ ሕክምና፥ ዜናን... ዝኣመሰላ ክፍልታት ውድብ ነይረን።

ክፍሊ. ዕቃብ ብረት ማሰርዕ ሰሜን ከኣ፥ ንዚኣተንን ካብን ናብን ንዝንቀሳቐሳ ካልኦት ኣሃዱታትን ከተዕጥቕን ጠለብተን ከተማልኣለንን ተባሂላ ዝቖመት ኮይና፥ ኣብዚ. ቦታ'ዚ፥ ዓሰርተ ሓደ ኣባላትን ሸሞንተ ኣግማልን ነይሮማ። ብዘይካ ነቲ ንብረ ስርሓ ምስላጥ፥ ብመንገዲ ጀማሂር ኣቢሉ ካብ ኣስመራ ንዝመላለሱ ነጋዶ ብምርካብ፥ ንክፍሊ. ዕቃብ ብረት ውድብ



ዘድሊ፥ ከም መወላወሊ. ብረት፥ ዘይትን ዓለባታትን ከም'ኡ'ውን ንመትረሪ ሓጺን ዝኸውን ቀመምን ተማልእ ነይራ።

ንሎጎን ዓንሰባን ዝፈላሊ. ሩባ ዒን ወይ ከኣ ውቒቒ ሩባ፥ ንገርገር ብማእከላ ሰንጢቑ ይሓልፍ። እዚ. ሩባ ኣብ ታሕቲ ምስ በጽሐ፥ ምስ ሩባ ከርበሻ ይጽንበር። ኣብዚ. ከባቢ. ብዙሓት ተጸንበርቲ ሩባታትን ሰንጭሮታትን ስለ ዝሕወሱ፥ በቲ ኻልእ ወገን ከኣ ዱርጋ ብዙሕ ምንቅስቓስ ሰብ ስለ ዘይብሉ፥ ኣጽዋር ክትቀብረሉ ኣዝዩ ውሑስ ቦታ ነበረ። ቀንዲ ስግኣታት ጸላኢ. ብወገን ዓንሰባ፥ ሓጋዚን ሊጥንን ስለ ዝነበረ፥ ኣገባብ ኣቀባብራ ኣጽዋር፥ ዝ. ናይ ጸላኢ. ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ኣተዓቓቕባ እዩ ነይሩ።

ድሕሪ ካብ ምሉኻይ ናብ ገርገር ምግዓዞም፥ ማሰርዕ ኤምዳድ፥ ካብ ጸላኢ. ዝበራ ስግኣታት ኣይተቐንጠጠን። ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ናይ መጠንቀቕታ ሓበሬታታት ይበጽሓ ብምንባሩ'ውን ንግዚኡ ካብ ቀንዲ መዓስከራ እልይ ትብል ነበረት። ብዘይካ'ዚ፥ ኣብ ወሸጢ. ዓመት 1987 ጥራይ ሰለስተ ግዜ ምዝላቕ ተገይሩ። እተን ክልተ ክሳብ ማይ ሓብር (መገዲ ዓምባሪ) ተበጺሑ። እታ ሳልሰይቲ ድማ፥ ኣብ ግዜ ካልኣይን ሓደኅታዊን ገባኤ ዘጋጠመት ኮይና፥ ጸላኢ፥ ነቲ ኣብቲ ከባቢ. ዝነበረ ክፍልታት ኣኸበቡ ንምጭፍላቕ ዝዓለመ ሰፊሕ ወፍሪ ኣብ ዝነበረሉ ኣጋጣሚ ነበረ። ብኸሉ

ኩርናዓት፥ ማለት፥ ብኣቑርደት፥ ዓረዛ፥ ማይ ድማ፥ መንሱራን ደናጉልን ወፊሩ ነይሩ። ጸላኢ፥ ንኹሉ መዓስከራት ገርገርን ከርበሻን ንሓጺር ተቖጻጺሩ ንድሕሪት ምስ ተመልሰ፥ ማሰርዕ ኤምዳድ ኩነታት ኣጽዋርም ንምፍላጥን ጠለብት ሰራዊት ንምምላሽን እግሪ እግሪ ጸላኢ. ናብቲ ቅድሚ ምዝላቕ ዝነበሩዎ መዓስከራቶም (ንከርበሻ ተመሊሶም)። ጸላኢ፥ ብዘዕባ'ቲ መዓስከርን ከበኡን መጽናዕቲ ገይሩ ስለ ዝተመልሰ፥ ድሕሪኡ ክልተ ግዜ ነፈርቲ ወግኢ ልኢኹ ደብዳብ ኣካይዱ። ኣብቲ ቀዳማይ፥ ብናይ ሄሊኮፕተራት ኤም 24 መጥቃዕቲ'ኳ እንተ ኣካየደ፥ ግን ኣብ ልዕሊ. ሰብን ንብረትን ዘምጽኦ ማህሰይቲ ኣይነበረን። ግን ነቲ ብዓንቤሩ ዝተሰርሐ ጉዘውቲ ኣቃጺሉዎ። ኣብቲ ኻልኣይ ኣብ ልዕሊ. ህዝቢ. ገርገር ብሚጊታት 23 ዘየደዶ ደብዳብ ግን ጉድኣት ወሪዱ። ኣብ ልዕሊ. ሰብን እንስሳታትን ዘቤትን ሞትን መቑሰልትን ኣኸቲሉ።

ማሰርዕ ሰሜን ኣባላቱን ኣግማሉን ጥራይ ዝፈልጥዎ፥ ካብ ከበቢታት ገርገርን ከርበሻን ጀሚርካ የማነ ጸጋሙ ክሳብ መገዲ ዓንሰባ (ማይ ሓብር) ዝዘርጎሐ፥ ካብ ገርገር ንሸነኽ ንሰሜን ከኣ ክሳብ ከባቢ. ጉላ ዘሎ ቦታታት፥ ዓሰርተ ሽዱሽተ ኣብሉ ዝኸውን ተተኳሲ. ዝተቐብረሉ ጉናጉድን ንተኳስትን ካልኦት ተተቀፍቲ ዝበዝሉ ነገራትን ዝዕቀብሉ'ውን ከም'ኡ ኣርባዕተ ትሕተ ባይታዊ ጉዝ ነይሩዋ። ትሕተ ባይታዊ ጉዝ እናኣረገ ይኸይድ ስለ ዝነበረ ግን፥ ድሕሪ መጋቢት 1988 ተወሰኽቲ ንተኳሲ. ዝኸውን ዓሰርተ ሓሙሽተ ዝተቐብረ ፈስቶታት ነይሩዋ። ኣሃዱ፥ ዝም ኣዝዮም ምስጢራት መኻዘንን ጉናጉድን፥ ሳሕቲ ኣብ ግዜ ቀትሪ ኩነታቶምን ኩነታት ከባቢን ንምፍላጥ ስወር ክለሳታት ክትገብረሎም ከሉ፥ ናይ ኣሃዱታት ጠለብት ክመጽእ ከሎ ኽኣ፥ ካብቲ ጉናጉዲ ብሊዩቲ ኣውጺኣ ከም ዘዕደለን ትግብር ነይራ።

ብኸምዚ. ኣገባብ፥ ዝኸዶት ኣሃዱ ናብ ዝኸደ ቦታ ምስ እትንቀሳቐስ፥ ብዘይ ገለ ጸገም፥ ርሑቕ ከይተጓዓዘት ጠለብት ተተኳሰን ተኳሰን ከም እትረኽብ ትገብር ነይራ። ሓይልታት፥ ኣብ ድሕሪ ማስመር ኣብ ዝኑበራኦ ኩሉ ምንቅስቓሳተን መግበን ደኣ ይጽዕና ነበራ'ምበር፥ ጉዳይ ተተኳሲ ኣብ ዝኸዳኦ ቦታን ከቡብን ቅሩብ እዩ ዝነበረ። ምኽንያቱ ክፍሊ. ዕቃብ ብረት ድሕሪ ማስመር ጸላኢ. ዘዳለወዎ ከባቢ. ሰማንያ ኣብሉ ዝኸውን ትሕተ ባይታዊ ጉዘውትን ጉናጉድን መኽዘኒታት ተተኪሉት ነይሩዎም እዩ።

**ብደበሳይ ተስፋዝጊ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሳብሪን ስሊማን ተኸሰሲ ሓምድ ኣሕመድ፡ ብዓልቲ ቤትካ፡ ናይ ሸሪዓ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳባ ገብረመድህን ገደሉ፡ ሓፍተይ ኣለም ገብረመድህን ገደለ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ርእሶም ሃብተማርያም ዑቕባእርስቶስ፡ ኣቦይ ሃብተማርያም ዑቕባእርስቶስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ተተካእቲ ደቃ 3 ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ቤተልሄም ሰሎሞን የሴፍ፡ ተጸዋዒ መርሃዊ ጊዮርጊስ የሴፍ፡ ናይ ምዝሓትት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

መልኣከ ኪዳነ ወልደሃይማኖት፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣበበ ሃብቱ ገብረመድህን ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዊልያም የሴፍ ዘርኡ፡ ኣቦይ የሴፍ ዘርኣ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዑንቋይ ገብረሚካኤል ሃይሉ፡ ወደና ፍጹም ዑንቋይ ገብረሚካኤል ስለዝሞተ፡ ኣነ ኣቡን ምስ ደቅና ተተካእቲ ኣዳነም ዛፉ ተኽሉ ግርመ 5 5.1 ቢንያም ስኢላይ 6. ነፍ/ሰምሰም ዑንቋይ 6.1 ሰላም ጸጋዬ 6.2 ልዋም ጸጋዬ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

መሓሪ ብርሃ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦሓጎይ ሻምበል ጥዒ ኣስገዶም ገብረገርግሽ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን ሓደ ኣኮይን ሓንቲ ኣሓትኣይን 3 ደቂ ኣኮይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ሸዊት ወልደትንሳኤ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ፍስሃ ወልደማርያም ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ የዛና የማነ ወልደጸዮን፡ ብዓል ቤተይ ሙሴ ወልደገብርኤል ገብረሂወት ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

<blockquote>ከሳሲት ወ/ሮ የዲት ኣብርሃም ገብረዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጴጥሮስ ሚካኤል ወልደማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡
</blockquote>
ኣቶ ኀይትኦም ተስፋጊዮርጊስ፡ ወለድና ሜላት ተስፋጊዮርጊስ የዕበዮ ዓጽሙን ኣልጋሽ ሃይለ ገብረእግዚኣብሄርን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሉተዝጊ ሃብቶም ምባል ተረፉ፡ ሰለት ሃብቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣለም ካሕሳይ ቀለታ፡ ወለደይ ካሕሳይ ቀለታ ካሕሱን ይሕደጋ ዑቕባዝጊ ተከኤን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰላም ኣሸብር ገብረክርስቶስ፡ ስም ኣደይ ብረይ ወልደኪሮስ ምባል ተረፉ፡ ብሪ ወልደኪሮስ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርሃዊት ሕድሮማርያም ግርማይ፡ ብዓል ቤተይ ወልዱ ቢየን ኣስፍሃ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብርኽቲ የሃንስ በርሀ፡ ወላዲየይ ሃንስ በርሀ ስብሃቱ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ማሪቆስ ገብረስላሴ፡ ወኪል ተኸሊት ማሪቆስንጋለይ ሰሱና ማሪቆስ ገብረስላሴ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ወደይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጀሚላ ኣሕመድ ዓጣ ምባል ተረፉ፡ ጀሚላ ሓምድ ዓጣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ገብሩ ሃብቱ፡ ወደይ ቢንያም ኣብርሃለ ኣለም ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ምስ ኣቡኡ ኣቶ ኣብርሃለ ኣለም ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰማይሽ በራኺ በርሀ፡ ኣቦይ በራኺ በርሀ መንግስቱ ስለዝሞተ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ኣልማዝ ኪዳነ ስብሓት ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወላ፡ 3 ኣሕዋት ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣሊያስ ሃይለ ገብረእየሱስ፡ ወለድና ሃይለ ገብረእየሱስ ዑቕባሮማዝጊን ሰማይሽ ባህታ ገብረዝጊን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚሮን ኤፍሬም ዘመደ ምባል ተረፉ፡ ፊልሞን ኤፍሬም ዘመደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሰላም ሰለሙን ገብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲ ፍስሃ በርሀ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን03/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ሃብተማርያም ገብረ ተስፉ ምባል ተረፉ፡ ሃብቱ ገብረ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን06/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣሰብ መሐመድ ዓብዱ ምባል ተረፉ፡ ኣሰብ ደሳለ ሰረቀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዘርኣይ ሃብተስላሴ ወልደስላሴ፡ ኣቦይ ሃብተስላሴ ወልደስላሴ ዓንዱ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጉዑት ስመረኣብ ተኽሉ፡ ብሕጋዊ ወኪል ኣቶ ተኽለብርሃን ዑቕባሚካኤል፡ ኣሞይ ነ/ፍ ኣስገደት ተኽለ ዓንደሚካኤል፡ ብህይወት ከለዉ ብዕለት 06/11/2014 ብቑ.መዝ 33/2014 ኣብ ረጅስትራር ቤ/ፍዝ/ደ/ድባርዋ ቀሪበ ኑ፡ ዋንታ ዝኾነ ገዛ ፕሎት 20 ፓርሰል ኤ. ስፍሓት መሬት 247.5 ዝኾነ ሰለስተ ክፍሊ ገዛ ብኣንባብ ተሰሪሑ ዝነውደአ ዘሎ፡ ብውህብቶ ዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ይሱሓቅ ተወልደብርሃን ካሕሳይን ወ/ሮ ሓዳስ ዞሚካኤል ተኽለን፡ ወደና ኣወል ይሱሓቅ ተወልደብርሃን ስለዝተሰውኣ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ፈሸን ጸጋዝጊ ተስፋሃንስ ምባል ተረፉ፡ ፈሸን ጸጋይ ተስፋሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የርዳኖስ ተወልደ ገብረየሱስ፡ ኣቦይ ተወልደ ገብረየሱስ ግንዱ ስለዝሞተ፡ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሓረና ኣማኑኤል ብርሃ፡ ኣቦይ ኣማኑኤል ብርሃ ገብረሚካኤል ስለዝተሰውኣ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ተኸሳሲ ኣቶ ብርሃ የማነ ወልደጋብር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ፊድዋን ማሕጁብ ያሲን ምባል ተረፉ፡ ፊድዋን ማሕጁብ ሸሪፍያሲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጦባ ኣደም መሓመድ ምባል ተረፉ፡ እንትሳር ኣደም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ከድጃ መሓመድዓሊ ሓጃጅ፡ ት/ዕ ጓለይ መላክ ዑስማን ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ኣፍራሕ ዑስማን ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳራ ሰላባ ሃይለስላሴ፡ ወለደይ ሰላባ ሃይለስላሴ ፍስሃዮን ሄለን ተኽለይ ሃብተሚካኤልን ስለዝሞቱ፡ ኣነ 1 ጓለም ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑመር ኣደም ከሊፍ ምባል ተረፉ፡ ዓማረ ኣደም ኣሰረዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣበባ ዘርእዝጊ ተኽለማርያም፡ ወለድና ዘርእዝጊ ተኽለማርያም ወ/ክርስቶስን ሉተሃይማኖት ገ/እግዚኣብሄር ኣውዓሎምን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኤዛና ብርሃ ወልዱ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ግደይ ደብሳይ ኪዳነ፡ ንዓኺ ዝምልከት ክርክር ኣብ ሲቪላዊ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ረዳኢ ገብረመስቀል ሃይሉ፡ ወለድና ገብረመስቀል ሃይለ ደብሳይን ግምጃ ፍትሕ ወልዱን ስለዝሞቱ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ቀደሽ ግርማይ ተስፋዝጊ፡ ምባል ተረፉ፡ ቀደሽ ግርማይ ገብረእንድርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ዛይድ ታደሰ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ሓድሽ ኣረፋይነ ገብረ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚልዮን ፍስሃየ ብርሃ ምባል ተረፉ፡ ሚልዮን ፍስሃየ ባህረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ትብርህ ዓንደብርሃን ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ገረዝጊሄር ሚካኤል ምራጭ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኤፍሬም በየነ ምባል ተረፉ፡ ሪሞን ኤፍሬም በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Boilermakers** |
| **Number required** | **03** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Mine Maintenance Supervisor** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | - To execute all welding work for fixed plant and mobile fleet and machinery |
| **Duties & function:** | - Providing welding services for maintenance of fixed plant, mobile fleet and machinery<br>- Repair and maintain as required<br>- Being accountable for the safe commissioning of all equipment.<br>- Work in liaison with the Maintenance Services Coordinator to develop and implement a rigorous planned maintenance program. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Minimum Secondary School.<br>- Completed a welding apprenticeship. |
| **Working Experience – Nature & Length** | - Minimum of 5 years working with welding work.<br>- Minimum of 5 years mine maintenance experience or similar. |
| **Other skills and abilities** | - Full trade qualifications for a welder.<br>- Strong communication and interpersonal skills.<br>- Team player.<br>- Must be able to work and perform under pressure. |
| **Other Information** | - Must know how to use welding and cutting equipment.<br>- To be able to pass a full Doctor's Physical examination.<br>- To be able to work to ZMSC's rosters. |

**Salary: According to Company's salary scale.**

**Place of work: Zara Mining Share Company; Koka Gold Mine; Zoba Gash Barka**

**Additional Requirement for nationals**:
Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence and support letter from reserve Army. Present clearance paper from current/last employer. Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.). Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for interview. Application documents will not be returned to sender.

Please mail your applications to **ZARA MINING SHARE CO. P.O. Box 2393**. Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to: Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

**Deadline for application: 10 days from the day of announcement.**

# ኰብላሊ
## ኣብ ኣስመራን ዓድታት ኤርትራን

ተስፋይ እስቲፋኖስ

5ይ ክፋል

ኣብ ዓድና ንእሽቶይ ድኳን ስለ ዝነበረትና፡ ካልኣይቲ ኣደይ ኮይና ኣሕዋተይ ሒዛ ኣብኡ ነበረት። ኣቦይ ከኣ፡ ንኽሕግዙዎም ኢሉ ንዓዲ ይልእኽኒ እሞ፡ ሸዑ ኣብ ገጠር ፕዝዙብ እንተ ዘይብልካ ብዘለካ ትሕዝቶ ተለዋዊጥካ ዘድልየካ ዘበለ ክትሽምት ከም ትኽእል ፈሊጥኩ። ማለት፡ ሽኮር ወይ ቡን እንተ ደሊኻ፡ ብእንቋቑሖ ወይ ብእኽሊ ተለዋዊጥካ ክትረኽቦ ትኽእል። ብሰውጢ ዝኣኩብናዮ እንቋቑሖ ምስ ኣሕዋተይ - ምሕረትኣብ (ሃይወይ)፡ ኣፈወርቅን ኣሃንያን ኴንና ኣብ ገረወኛ መሊእና ናብ ኣስመራ - ናብ ኣቦይ ክንልእኮ ተሰኪምናዮ ናብ ጽርግያ ንወጽእ ነበርና።

ብሰንኪ’ቲ እኩይ ፖሊሲ እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ስራሕ ኣልቦነት ነጊሱ ኣብ ዝነበረሉ ጽንኩር እዋን፡ ኣብ መወዳእታ 1953 እያ ኣስመራ ናይ ስራሕ ዕድላት ይመጽኣ ከም ዝነበረ ዝተበሰረት።

ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ሩዝቨልት ናይ ኣመሪካን ንጉስ ሃይለስላሴን ኣብ 1945 ብዝተገበረ ውዒታዊ ስምምዕ መሰረት፡ እቲ መደበር ባሕረኛታት ኢጣልያ ዝነበረ ራድዮ ማሪና ብዘይ ድልየትን ፍቓድን ህዝቢ ኤርትራ መዓስከር ክኾኖም ንኣመሪካውያን ተዋሂቡ። ንጉስ ሃይለስላሴ፡ ንራድዮ ማሪና ‘ቓኘው’ ዝብል ሓድሽ ስም ኣጠሚቑ ንኣመሪካውያን ምስ ኣረከቦም፡ ብዝነበሮ ሰፍሓት ይኹን ንውተሃደራት ብዝህቦ ኣገልግሎት እኹል ኮይኑ ኣይተረኽበን። በዚ ከኣ ኣመሪካውያን ካብ’ቲ ተንከሰኛ እንግሊዝ ብዝቖረበሎም ምኽሪ መሰረት፡ ኣብ መሬት ቤት መኻእ ዝርከብ ናይ ሎጂስቲክ መደበር ግዝኢ ጥልያን ዝነበረ ብቺታው (CITAO) ዝፍለጥ ቦታ ክወሃቦም ሓተቱ። ንጉስ ሃይለስላሴ ድማ፡ ከም መሬቱን ንብረቱን ጠሚቱ ቃልዓለም ከይገበረ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ወተሃደራት ኣመሪካ ክኣቱ ፈቐደሎም። ቺታው ኣሕጽሮተ ቃል ኮይኑ፡ ‘ኮሎኒያ ኢታልያና ትራስፖርቶ ኣፍሪቃ ኦሬንታለ’ ተባሂሉ ይዝርዘር።

ዚ መደበር፡ ኣሽሓት ወተሃደራት ኣመሪካ ከም ዝሕዝ ጌርካ ዳግማይ ኣስፊሕካ ንምስራሕ ከኣ፡ ብመንግስቲ ኣመሪካ ዝምወል ‘ጉሩቭ ሸፈርድ’ ተባሂሉ ዝፍለጥ ተኾናታራይ ኩባንያ ህንጻ ናብ ኣስመራ ደበኽ በለ። ግዜ ከይወሰደ ከኣ፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ዝሰርሑ ካብ 7 ሽሕ ክሳብ 10 ሽሕ ዝግመቱ ሰራሕተኛታት ከም ዘድልዩዎ ንመላእ ህዝቢ ኣስመራ ኣበሰረ። ኣስመራ ከኣ፡ ከም ማና ካብ ሰማይ ዝወረዳ ንእሉቱ መልክዓ ቀየረት። ቋንቋኣ፡ “ቺታው፡ ቺታው፡” ጥራይ ኮነ።

ኩባንያ ህንጻ ጉሩቭ ሸፈርድ፡ ኑቲ ዓቢይ መዓስከር ዘድሊ ትሕተ ቅርጽታት ኩዓሉ ዕላማ ስለ ዝነበሮ፡ ካብ ናይ ጉልበት ሸቃላይ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ኣብ ኩሉ ሞያታት ዝሰርሕ ክኢላ ክቖጽር ጀመረ። ደራፊት ከኣ፡ “ኣዳኒይ ከውርየልክን ህን እሞ በላ፡ ስራሕ ጀሚሩ ኣሎ እዚ ዕዋላ...” እናበለት ዘየመት። ኣስመራ ቡቲ ግዝያዊ ስራሕ ናይ ቺታው ፋሕፋሕ ክትብል ጀመረት። እንዳ ሻሂታት ብሰብ ኣዕለቕለቐ፡ ኣብያተ መግቢ ቀረባተን ከመሓይሻ ኣብ ውድድር ኣቶዋ። ኣብ ኣብያተ ምስትኽኻል ጸጉርን

ቁኖን እውን ኣገልግሎት ምርካብ ብቐጸራ ኮነ፡ ኮማሮ ናይ እንዳ ሚሸን እንዳ ሰዋን ዕዳጋኦን ዓመረለን፡ ሰፋይ ጫማ ቀራብቲ ደርደረ። ሸየጥትን ኣዐረይትን ብሸግለታ ንስራሕ ተጓየዩ። ብሸግለታታት ኣገልግሎት ክህባን ሓደስቲ ክሸየጣን ዕረፍቲ ሰኣና። ወዮ ደራፋይ፡ “ማርያም ተለሚኒ’የ ማርያም ተለሚኒ’የ፡ ኀበዝ ይኑበዕ ኣሎ ስራሕ ሰኢኑ’የ፡” ኢሉ ዝደርፎ ዝነበረ፡ ናብ “ሚከኤለይ ብዓል ጽላል ኣውሊዕ፡ ሚከኤለይ ብዓል ጽላል ኣውሊዕ፡ ደይ ጥዕናስ ኣይደልየካን ካልእ፡ ኀበዝ እየ ሽቂለ ክበልዕ” ዝብል ለወጦ።

ቺታው ንኻልኦት’ውን ኣበራበረ። ንዓበይትን ነኣሽቱን ኣውፈርትን ነጋዶን ናይ ስራሕ ማዕጾ ከፈተ። ኩሉ ሰብ ናብ ስራሕ ክጓየ፡ ንቑጠባ ኣስመራ ዘበራትዕ - ተሰፋ ዝህብ ምንቅስቓስ ተራእየ። ጠፊሾን ዝነበራ ብዙሓት ናይ ኢጣልያውያን ኣፍረይቲ ትካላት ክበራበራ እንከለዋ፡ ናይ የመናውያን፡ ኣይሁዳውያን፡ ግሪኻውያን፡ እንግሊዛውያንን ባይናናውያንን (ህንዳውያን) ኣፍረይቲ ትካላት ድማ፡ ምንቅስቓስ ጀመሩ። ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ወተሃደራት ኩተማ (ምንቺብዮ) ኣስመራ’ውን፡ ኣስመራ ንምምዓሕ ብናይ ኢጣልያዊ እንጅነር ማሴቲ ማስተር ፕላን ተሓጊዛ ንኮትራክተራት ስራሕ ክትህብ ጀመረት። ኩለን ብደቂ ሃገር ይኹና ብዑዳውያን ዝምራሓ ናይ ህንጻ፡ ኤለክትሪክ፡ ማይን ጽርግያን ትካላት ኣብ ስራሕ ተዋፈራ። ሰቦት ኣብ ስራሕ እምበር ኣብ ምዝንጋዕ ዘይረኣየሉ እዋን ኮነ።

ኣነ ምስ’ቶም ካብ ራብዓይ ናብ ሓሙሻይ ክፍሊ ዝሓለፉ - ካብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ኣስመራ መጺኦም ተኣኪቦምሉ ናብ ዝነበሩ ቤት ትምህርቲ ጸጸራት ምስ ተኣኩበኩ እየ ናብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ጊዮርጊስ (San George) ከም ዝተመደብኩ ዝፈለጥኩ። ቅዱስ ጊዮርጊስ፡ ኣብ ትሕቲ ፎርቶ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ እንግሊዝ ዝነበረ፡ ዳሕራይ ቤት ትምህርቲ ነርስ ዝኾነ እዩ። ኣብኡ፡ ካብ ሓሙሻይ ናብ ሻዱሻይ ክፍሊ ምስ ሓለፍኩ፡ ክረምቲ ቤት ትምህርቲ ስለ ዝዕጾ፡ ትእዛዝ ኣቦይ ከኸብር ኢለ ንኻልኣይቲ ኣደይ ክሕግዝ ናብ ዓድና ወረድኩ። ዓድና፡ ካብ ኣስመራ ርሑቕ ኣይኮነን፣ መቕርካ - ድምበዛን ዝበሃል እዩ። ኣብ’ታ ንእሽቶይ ድኳንና ኩሉ ዓይነት ናይ ሸቓጣ ሸቐጥ ንብረት ማለት፡ ቡን፡ ሽኮር፡ ጨው፡ ሽምዓ፡ ዘይቲ፡ ላምባ፡ ካራሜላ፡ ወዘተ. ነበረ። ኩሉ ጠለባት ከኣ፡ ብእኽሊ፡ ጥረምረ፡ እንቋቑሖ፡ እንተ ተረኺበ’ውን ብቐርበትን ካልእን ክልወጥ እንከሎ፡ ውሑዳት ድማ፡ ብፕዝዙብ ንብረት ዝገዝኡ ነይሮም እዮም።

ኣብ’ቲ እዋን፡ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ገጠራት ኤርትራ ጸቡቕ ዝፍነብ ይዝንብ ብምንባሩ፡ ሓረስቶት ግራውቶም ንኽልምዑን ጸቡቕ እቶት ንኽረኽቡን ኣብርቲዖም ክዓዩ ይረኣዩ ነበሩ። ማሕበራዊ ግዴታታት ዘይተርፍ ብምዃኑ፡ ኣብ ሃይማኖታዊ ውራያት ንምስታፍን ኣዝማዶም ንምብጻሕን’ውን ይንቀሳቐሱ ነበሩ። እዚ ከኣ ድኳናት ጸቡቕ ምንቅስቓስ ንኽርኢ ደፋኢ

ረቓሒ እዩ ነይሩ።

ንዓይ፡ ቡቲ ብዙሕ ግዜ እናሓከልኩ ደዩ ዋላስ ቡቲ ምስ ኣደይን ካልኦት ኣዝማደይን ናብ ዝተፈላለየ ዓድታት ንንግደትን መርዓን ዝኸድ ዝነበርኩ፡ እቲ ኣብ ዓዲ ዝርእዮ ዝነበርኩ ምንቅስቓስ ሓድሽ ኣይነበረን። እንተ ኾነ፡ ዝያዳ መስተውዓሊ ከም ዝኾነ ገይሩኒ እዩ። ናብራ ገጠር ፍሉይ ዝኾነ፡ ከም ናይ ከተማ ናብ ውራያት ወይ ናብ መርዓታት ምስ ስድራኻ መኾብ ተሰኪምካ ምኻድ ዘይብሉ ምንባሩ’ዩ። ከም’ቲ ሓደ ግዜ ንዓይ ዘጋጠመኒ ዘየጋጥመካ ምኽንያት እዩ። መኾብ ተሰኪመ ደድሕሪ ኣደይ እናኸድኩ ከሎኹ፡ ንመሓዛኣ ሰላም ክትብል ጠጠው በለት። ኣነ ድማ ዘንጊዐ ኣብ ክንዲ እግሪ ኣደይ ተኸቲለ ደድሕሪኣ ዝኸይድ፡ ብእግሪ ናይ’ታ መሓዛኣ ተደናጊረ ነይደ ገዲፈ ደድሕሪኣ ከይደ ኣብ ዘይምልከተኒ ዳስ ኣትየ። ከም’ዚ ኣብ ገጠር ስለ ዘጋጥመካ፡ ናብ ዝኾነ ውራይ ክትከይድ ስክፍታ የብሉን።

ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ናብ ዝተፈላለያ ዓድታት ኤርትራ እበጽሕ’ኳ እንተ ነበርኩ፡ እቲ ኣብ ዓዲ ዝጸናሕኩሉ ግዜ ግን ዘይርሳዕ ጡብላሕታ ገዲፉለይ’ዩ። ሓደ ግዜ፡ ኣብ ድኳንና ብሰውጢ ዝኣኩብናዮ ክልተ ገረወኛ እንቋቑሖ ናብ ኣስመራ ንኽንልእኮ፡ ኣነን ኣሕዋተይን ኣብ ጽርግያ ኮረን - ኣስመራ ኣውቶብስ ንጸበ ነበርና። ክልተ ሰባት ዝሓዘት ጂፕ ዝዓይነታ ናይ ሲቪል መኪና ብፍጥነት ክትሓልፈና ከላ፡ ናይ ቀልዑ ነገር ብኢድና ሰላምታ ገበርናላ። ወዮ መኪና ንድሕሪት ተመልሰት። ሓደ ካብ’ቶም ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ፡ “ጁንየር! ጁንየር” ብምባል ምስ ጸውዐ ከኣ፡ ካብ’ቲ ኀቢኡና ዝነበረ ፍርሒ ተበራበርና። ምሕረትኣብ ሓወይ ውዑይ ስለ ዝነበረ፡ በትሩ ኣቐሚጡ፡ “ንዓኻ’ዩ’ም ዝጽውዑ ዘለው፡” ኩበለንን ኣብ ጎልፍ ዝፈልጦም - ቦርሳ ናይ ጎልፍ ዝሰከመሎም ዝነበርኩ ጸዓዱ ምዃኖም ከለለዮምን ሓደ ኮነ። “ሃይ ሃይ” በሉኒ’ሞ፡ ካብ ጁባኦም ማስቲካ ኣውጺኦም ንኹላትና ድሕሪ ምዕዳል፡ “ናበይ ኢኻ” ኩበል ሓተቱኒ።

ናብ ገረወኛታትና እና’መልከትኩ፡ ቡቲ ስብርባር ናይ ጎልፍ ቋንቋ እንግሊዘይ ገይረ ኣእዳወይ ሓዊሰ “ናብ ኣስመራ” በልክዎም። “ቱ ኣስመራ፤” በሉኒ’ሞ፡ ርእሰይ ነቕነቕ እወ ምስ በልክዎም፡ ንኽልተ ገረወኛ እንቋቑሖ ብጥንቃቐ ናብ መኪናኦም ሰቒሉ ንዓናይ በሉ። ምስ ኣሕዋተይ ድሕሪ ምጥምማት ከኣ፡ ቃልዓለም ከይገበርኩ “ኦኬ” ኢለ ንኣሕዋተይ ሰዒመ ተበገስኩ። ንምሕረትኣብ ኩሉ እቲ ዘጋጠመ ንኽልኣይቲ ኣደይ ክነግራ ሓቢረ ድማ፡ ናብ መኪና ተሰቐልኩ። ኣብ መገዲ እቶም ጸዓዱ ናባይ ቁሊሕ እናበሉ ብዘሰምዖን ዘይሰምዖን ቋንቋ እናተዛረቡንን በዙ፡ “ቺክን ኤግ” ዝብለን ቃላት እናሰላቐን



ኣስመራ በጻሕና። “ጎልፍ! ጎልፍ!” ምስ በልክዎም ድማ፡ ናበይ ምዃነይ ተረዲኦም ኣብ’ቲ ኣቦይ ዝሰርሓሉ ቦታ (ጎልፍ) ኣብጽሑኒ።

ኣቦይ ድምጺ መኪና ሰሚዑ ካብ ዝነበሮ ቅልቅል ምስ በለ፡ ሚስተር በንጃሚን ካብ መኪና ወሪዱ ነቦይ ናብኡ ገጹ ክቐርብ ምልክት ገበረሉ።

ኣቦይ ከኣ፡ ቀርብ በሎ’ሞ፡ ሸዑ ኣነ ምስኦም ከም ዝነበርኩ ኣስተብሃለ። ምስ’ቶም ዝተማልኡኒ ሰባት ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ከኣ፡ እቲ እንቋቑሖ ዝመልአ ገረወኛታት ክርክቦም ሓቲቱዎም። “ኣንታ ኣቦይ ደየም ረኺቦምኻ” እናበለ ኑቲ ንብረት ምስ ተቐበለ፡ ምስ’ቶም ኣመሪካውያን ብቖንቋ ምርድዳእ ስለ ዘይተኻእለ፡ ብምልክት ጥራይ ሰላምታ ተለዋዊጥና ተፈላለና።

ኣቦይ፡ በይንና ምስ ተረፍና ኣይ ሓጎስ ኣይ ጓሂ ኮነ። ስምባደኡ ክርእዩኒ ስለ ዘይደለየ ከኣ፡ ህድእ ኢሉ፡ “ከመይ ደኣሉ እዚ ነገር፤ ኣበይ ረኺቦምኻ” በለኒ እሞ፡ ኣዕሚቑ ድሕሪ ምስትንፋሱ፡ ኩሉ’ቲ ዘጋጠመ ዘርዚረ ነገርክዎ። “ኢኣ፡ ኣሕዋትካ ንበይኖም ምግዳፍካ ጸቡቕ ኣይገበርካን፣ ዳሕራይ መዓልቲ ኣይደገሞ። ደሓን፡ ጸባሕ ንግሆ ናይ እንዳ ገሹ ዓረብያ ንሹቕ ትኸይድ እንድሕር ኮይና፡ ኪድ ንቤት መኻእ ኬድካ ሕተቶም እሞ፡ ንግሆ ክንሰዶ ኢና። ቅድም ግን ኣብ በራድ ኣሎካ ሻሂ ስተ፡” ኢሉኒ ናብ ስራሑ ተመልሰ።

ብውሽጠይ “እታ መቕጻዕቲ ደኣ ንመዓስ’ያ፧” እናበልኩ፡ ከም’ቲ ዝበለኒ ናብ ቤት መኻእ ከይደ መልእኽቲ ኣብጺሐ ንገዛ ተመለስኩ። እዋእ! መቕጻዕቲ የለ ገለ የለ ብሰላም ምስ ሓደርኩ፡ ንዝነበረኒ ናይ ምሕካልን ምጥፋእን ሃቐነ ኣቋሪጸ ምስ ናይ ጎልፍ መዋዕልተይ ተራኺበ ከዕልል ጀመርኩ። ብዛዕባ’ቲ ኣብ ድኳንና እንጉብሮ ንሽኮር ብእንቋቑሖ ናይ ምልዋጥ ተግባራት፣ ኩሉ ኣብ ዓዲ ዝጉብሮ ዝነበርኩ፣ ከምኡ’ውን ብዛዕባ’ቲ ካብ ዓዲ ሒዘዮ ዝመጻእኩ እንቋቑሖን ብዛዕባ’ቶም ምስ እንቋቑሖይ ዝተማልኡኒ ኣመሪካውያንን ምስ ነገርክዎም ዝሰሓቑዎ ክሳዕ ሕጂ ኣይርስዖን’የ።

ክረምቲ ብምንባሩን ቤት ትምህርቲ ዕጹው ብምዃኑን መውዓልየይ ኣብ ጎልፍ እዩ ዝነበረ። እቲ ቦታ፡ ቀዳም ቀዳም ጎልፍ ብዝጻወቱ ስፖርተኛታት የዕለቕልቕ እዩ ዝውዕል። ከም ኩሎም ጎልፍ ክጻወቱ ዝመጽኡ ኣመሪካውያን፡ እቶም ካብ መገዲ ከረን ዝተማልኡኒ’ውን ጎልፍ ክጻወቱ ይመጽኡ እሞ፡ ጸወታ ቅድሚ ምጅማሮም ምስ ‘ሚስተር ዓሊ’ ዝበሃል ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ጎልፍ ዝነበረ የመናዊ ይራኸቡ። ሚስተር ዓሊ ንኹላትና ኣብ’ቲ ጎልፍ ንውዕል ኣከቡ፡ እቶም ኣመሪካውያን ንኽልተ ካባና ንምሕጋዝ ብሕርያ ናብ ገዛኦም ወሲዶም ምስኦም ከቕምጡዎም ምኻኖም ሓበሩና። ኣስዒቡ ድማ፡ “እቶም ዚ ፍቓደኛታት ዝኾንኩም ኣይትኸዱ ኣብ’ዚ ጽንሑ፡” በለና። ኩላትና ሕራይ ኢልና ከኣ፡ ብሓጎስ ተጸበና።

ቅድሚ እዚ ኢጋጣሚ፡ እቶም ኣመሪካውያን ንሓደ ኣብ ጎልፍ ዝፈልጡዎ ኢሳይያስ ዘወልዲ ዝተባህለ ዓርክናን መዋዕልትናን ከምህሩዎ ናብ ኣመሪካ ወሲዶሞ ስለ ዝነበሩ፡ ንዓና’ውን ከምኡ ዕድል ኪጋጥመናስ ናይ ኩላትና ምህለላ እዩ ዝነበረ። ኣመሪካውያን ጸወታኦም ድሕሪ ምውዳኦም፡ ምስ ሚስተር ዓሊ ተተሓሒዞም ናብ’ቲ ተኣኪብናሉ ዝነበርና ቦታ መጽኡ። ሚስተር በንጃሚን (Mr. Benjamin) ንመዋዕልትና መድሃኔ ኣባይ ክመርጽ እንከሎ፡ ሚስተር ሳንደስ (Mr. Sandes) ከኣ፡ እናሰሓቐ፡ “ቺክን ኤግ ኦኬ!” ድሕሪ ምባል፡ “ንዓ ጁንየር (come on Junior)” ኢሉ ናባይ ኢዱ ኣመልከተ። ብታሕጓስ “ኦኬ ኦኬ” እናበልኩ ብጉያ ናብ’ቲ ኣቦይ ዝጸሉ ዝነበረ ሰፍራ ከይደ፡ ዘጋጠመ ነገረ ሓዚዮ ናብ’ቲ ሚስተር ሳንደስን ካልኦትን ዝነበሩዎ ተመለስኩ።

ሚስተር ዓሊ፡ ኩሉ ’ቲ ዘጋጠመ ነቦይ ምስ ነገሮ፡ ኑቲ ናይ ምሕካል ወይ ብገለ ምኽንያታት ካብ ገዛ ናይ ምጥፋእ ባህርያተይ፣ ኣደይ ኣብኡ ከም እትኑብር ንሹቕ እናኻዕ ምምልላሰይ፣ ይፈትዎ ስለ ዘይነበረ፡ “ደሓን ይኺድ፡ ደይ ብቐደሙስ መዓስ ናትና ኮይኑ፡ ” በሎ። ኣነ ድማ፡ ንድሕሪት ቁሊሕ ከይበልኩ፡ ንሚስተር ሳንደስ ብስብርባር ቋንቋ እንግሊዝ እናሰሓቕኩዎ ንገዛኦም ከድኩ። በዚ ከኣ፡ ንጎልፍ ንሓዋሩ ቻው! ቻው! በልኩዋ።

ሚስተር ሳንደስ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ጥቓ መዝበሪ ገዛ ቆንስል ጥልያን ዝቕመጥ ኮይኑ፡ መሰራትን ሓላፍን ቤት ትምህርቲ ቴክኒክ ኣስመራ (ፖይንት ፎር) እዩ ነይሩ። ሓዚኒ ንገዛኦም ምስ ከድና ከኣ፡ ብዓልቲ ቤቱ ሚስ ጁልያን (Mrs. Julain) ካንሸሎ ክኸፈት እንከሎ ሰሚዓ ካብ ገዛ ንደገ ወጺኣ ብፍሽኽታ፡ “እንቋዕ ብደሓን መጻእካ (Well come! Well come!)” እናበለት ሰላምታ ለገሰትለይ። ንሚስ ጁልያን ምስ ሰብኣያ ጎልፍ ክትጻወት ክትመጽእ ከላ እርእያ ስለ ዝነበርኩ፡ ንሳ’ውን ቅድሚ ኣብ ገዝኦም ምምጻእና ትፈልጠኒ ስለ ዝነበረት፡ ቡቲ ስብርባር ቋንቋ እንግሊዘይ ሰላም ብምባል ኣሰሓቕኩዋ። ሚስተር ሳንደስ መኪናኡ ኣጸጊዑ ናብ’ቲ ምስ ሚስ ጁልያን ሰላምታ ንለዋወጠሉ ዝነበርና ቦታ እናሰጎመ ንወይዘሮ ህይወት ኣድሃየን’ሞ፡ ካብ ዝበራኦ መጺኦን ምስ ተሓወሰና፡ “እዚ ጁንየር ተሰፋይ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣባል ስድራና እዩ። ከም’ቲ ዝሓበርኩኺ፡ ካብ ሎሚ ንደሓር ኣብ’ዚ ምሳና እዩ ክቕመጥ። ጸቡቕ ጌርኪ ተኸናኸንዮ፡” በለን። ንሰን ከኣ፡ “ኦኬ፡ ኦኬ፡” እናበላ ብፍሽኽታ ሕቑፍ ኣቢለን ሰዓማኒ።

ይቕጽል

# ርእይቶ

# ሰስኑ ሸሕ ንዋልታ ኹኑ!

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

“ሰስኑ ሸሕ ንዋልታ ኹኑ - ኣታ'ዛዓድና ከይኣትዋ ጓና” ተባሂሉ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ክድረፍ ሰሚዕናን ብኣኡ ዓቢናን። ሕደማ (ግጥሚ) ናይቲ ደርፊ ከም ዝእምቶ፡ ዓድና ጓና ከይደፍራ እንተኾይኑ፡ ንሓንቲ ዋልታ'ውን ትኹን ኣሸሓት ክሰለፋላን ክወድቁላን ከምዘለዎም ዝገልጽ ዕምቈ ዝበለ ትርጉም ዘለዎ ኣምር'ዩ። ሸሕ ንዋልታ ዝሰለፉሉ ምኽንያት ድማ፡ ብኞዓት ሓደ ዓዲ፡ ህዝቢ ወይ ሰራዊት፡ ካብ ኣብ ምጥቃዕ ኣብ ምክልኻል ዘለዎ ብኞዓት ዝምዝን ስለዝኾነ'ዩ። ኣብ ግርህናን፡ ሓጹርን ኣብ ቤትና ካንሸሎ እንንብረሉ ቀንዲ ምኽንያት - ግርህናን ቤትናን ብበላዕተኛን ተጻይን ከይድፈር ብምባል'ዩ። ስለዚ ትርጉም ህላወ፡ ከሎ ገና ኣብ ምክልኻል ወይ ዋልታ ኣብ ምዃን'ዩ ዝረጋገጽ።

ወተሃደራውያን መሃንድሳት ከም ዝገልጽዎ፡ ኣብ ዓውደ ውግእ እቲ ዝኸበደ ነገር፡ ጸላኢ ንኸይምስስካ ኢሉ ተሃንዲዱ ምስ ምሉእ ወኑ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ፡ ሸሕ ንዋልታ ኮይንካ፡ ህንዳደኡ ናብ በረድ ቀይርካ፡ ኣረብሪብካ ወይ ኣላሽ ኣቢልካ፡ ከምቲ ቁልዑ ዓድና “ዝረብረበ ሓዊ ይብለዖ” ዝብሉዎ፡ ጸላኢኻ ሓዊ ከምዝበልያ ብምግባር ጭሩሑ ደጕሉ ክንዮ ዝመጽኣሉ ቦታ ምብራሩ እዩ። ብቐሊል ዝበለ ኣገላልጻ “ሃሊሉ ዝመጽኣካ ኣኽቢድካ ጸዓኖ'ዩ።” ስለዚ ናይ “ሰስኑ ሸሕ ንዋልታ ኹኑ” ቀንዲ ምስጢር፡ ንናህሪ ጸላኢኻ ከመይ ገይርካ ናብ ዛሕልን ስንፈትን ትቕይር እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ማእከላይ መንግስቲ ዝበሃል ዘይነበረሉ ዘበነ መሳፍንቲ'ውን ከይተረፈ፡ ዋልታ ዝኾነሉ ዘበነ፡ እቲ ብመን-ሕራይ ዋልታን ጭማራን ሒዙ ዝሰለፍ ዝበረ መንእሰይን ብድሕሪኡ ዝበረ ብምርቓን ሰንቅን ዘደገፈ ህዝቢን እዩ።

ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ህዝባዊ ግንባር፡ ዋልታ ሃገሩን ህዝቡን ኮይኑ በኞ ክሓልፍ ሃገራዊ ዕላማታት ከም ጭማራ ዓጢቑ ተበጊሱ። ሳላ ብዮጉብርን ኣተሓሳስባን ዋልታ ኮይኑ ዝቐጸለ፡ ሓራ ኤርትራ ኣበሲሩ።

ብተመሳሳሊ ድሕሪ ናጽነት፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ህዝቡ ደጀን ገይሩ፡ ምስ ኩሎም መሓውሩ ዋልታ ሃገር ኮይኑ፡ ወራራት ኣብርዒኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ውዲት- ሓያላንን ናይ ውሽጢ ኮራኹርምን ኣብርዒኑ ኣብ ሓመድ ደብ ጸቢቡትን ሸርሒ ዝባህሎም ጉጅለታትን ወዒሉ። ከምዚ ዝተጠቕሰ ስለዝኾነ'ዩ ይመስለኒ፡ ጎስጓስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ኑቲ ብማዕከናት ዜና ከመሓላልፎ ዝደለየን ዝቐጽልን ዘሎ ዓበይቲ ሓበሬታታት ብስም “ዋልታ” ክሰይሞ ዝመረጸ። ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ፡ ዋልታ ምዃን ከመስክር፡ “ዋልታ” ዝብል ግብራውን ክልሰ-ሓሳባውን ትሕዝቶ ዘለዎም መደባት ናብቲ ደጀኑ ዝኾነ ህዝቢ ከቕርብ ድግድጊት ተዓጢቑ ይቕጽል ኣሎ።

## ስለምንታይ'ዩ ሸሕ ንዋልታ ምዃን ዘይሰገርን ቀዋሚ ምርጫን ንኤርትራ ዝኾነ?

እዚ ኤርትራ እትርከበሉ ከባቢ፡ ብሰሚናዊ ምዕራብ ካናል ስወዝ ብደቡባዊ ምብራቕ ድማ ባብ ኤልመንደብ ዝርከቦ፡ ብቖጠባን ጂኦ-ፖለቲካን ተኣፋፊ ስትራተጂካዊ ቦታ ብምዃኑ ብፍላይ ባሕሪ ኤርትራ ኣዒንቲ ብዙሓት ክወድቀን ናይ ረብሓ ስሕበት ክኸውንን ንብርን ትጸቢት ዝግበረሉን እዩ። ኣብዚ ቀልብን ልብን ብዙሓት ዝወድቀሉ ኣገዳሲ ቦታ'ዚ ምንባር ድማ ብዘይካ ዋልታን ጭማራን - ሸሕ ንዋልታ ምዃንን ካልእ ኣማራጺ የልቦን። ኩሉ ጉዕዞና፡ ውጥናትናን መደባትናን ካብዚ እንነብረሉ ወሁብ ኩነታት ወጻኢ ክንሰርሖ ዘጸግም'ዩ። ስለዚ ናይ ኩሉ ባህግታትናን ሕልምታትናን ፈተውራሪ “ሸሕ ንዋልታ” ምዃን'ዩ።

## ሸሕ ንዋልታ ግን ብኸመይ እዩ ክረጋገጽ?

ቀዳማይ ዋልታ - ንቕሓት'ዩ። ናይ ሕሉፍን ህሉውን ኩነታት ኣናብቦኻ ውዱዕን ብሱልን ኮይኑ፡ ንመጻኢ ምትንታንን ንዕኡ ዝምጥን ምድላዋትን ክትገብር ምኽኣል ማለት “ውሕጅ ቅድሚ ምምጽኡ መገዲ ውሕጅ ጽረግ” ዝበሃል ምስላ ንኸተተግብር ዝሕግዘካ ረቂቕ ዕጥቂ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ካብ እግሪ ተኸሉ ጀሚሩ፡ ሓፋሽ “- ይንቃሕ-ይወደብ-ይተዓጠቕ” ክብል እንከሎ፡ ገርህኛታት ኑቲ “ሰስኑ ሰስኑ ሸሕ ንዋልታ ኩኑ - ኣታ'ዛዓድና ኪይወራ ጓና” ዝብል ኣምር ንምትግባር፡ መፍትል ይፈትል ምንባሩ ዘንግዕዎ ደኣ። ተጋዳላይን ህዝብን ዝናሩ ወይ ዕጥቁ ንቕሓት ከምዝኸውን ምስተገብረ፡ ኑቲ ዋልታ መን ክንቕንቖ። “ኣነ ክስዋእ ንስኻ ጽናሕ” “መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት እዩ” ንጸላኢ ብብረቱን ብጥይቱን” “ሎሚ ዘይከተተ ብደዉ ከምዝሞተ” ዝብሉ መርሓ ጎደናታት'ኮ ውጽኢት ንቕሓት'የም። ክሕደትን ጥልመትን ዕሱብነትን፡ ንኹብድኻን ረብሓኻን ግዙእ ምዃን ዝተጸየንን ኣብ መዝገበ ቃላት ቋንቋታት ሃገርና ዝተሰረዘሉን'ኮ ብሳላ ዝተኻየደ ዕቱብ ጸዕሪ ንቕሓት እዩ። ንቕሓት፡ ብዕራይ ናብ ዘበለ እንተበለ ዕርፊ ንኸተጸንዕ ዝገብር ጽኑዕ ዋልታ'ዩ።

ሃገር ካብኻ እንታይ ትጽበ፧ ንስኻ'ኸ ካብ ሃገር፧ ንዝብሉ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ዘቕርብ ንቕሓት'ዩ። ንቕሓት ኩሉ መኣዝናዊ ፍልጠት'ዩ። ብዙሕ ሰብ ንትምህርትን ንቕሓትን ይሓዋወሶ እዩ። ትምህርቲ ምኹዛን ወይ ምድላብ ዝተመስረሐ ሓሳባት (processed data) ክኸውን እንከሎ ንቕሓት ግን ንዝተደለበ ሓሳባት ኣብ ግቡእ ግዜን መዓላን ምውዓል ወይ ምጥቃም እዩ። ንቕሓትን ትምህርትን ተደሚሮም ድማ ጽኑዕ ዋልታ ህላወ ይኾኑ። ህዝባዊ ግንባር ድማ ዝ'ዩ ሰራሑን ምሂዙን፡ ዋልታ ኮይኑ ንትማሊ ናብ ሎሚ ኣሲጊሩ።

ንቕሓት ዝለዎ ህዝቢ ብዝጭበጦ፡ ውዱዕን ዝእመንን ኣገባብ ኢኻ ናብ ውጽኢታዊ ምዕባለ እተማእዝኖ። ንቕሓት ዘይብሉ ህዝቢ ግን፡ ስምዒታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ኢኻ ከም ኩቡቲ ትጓስዮ። ንኣብነት ብልጽግና “120 ሚልዮን እንኣክል ህዝቢ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብልና፡ ሰለስተ ሚልዮን ግን ባሕሪ ወኒኖም፡ ስለዚ እንተ ብውዲ እንተ ብግዲ ባሕሪ ክህልወና ኣለዎ” ብምባል ንህዝቡን ሃገርን ኢትዮጵያ ብስምዒት ክመርሕን ናብ ደልሃመት ክሸምምን ንዕዙብ ኣሎና።

## እቲ ካልኣይ ዋልታ “ውዳበ” እዩ፧

ህዝባዊ ግንባር “ንቕሓት ኣብ ሓፋሽ ምስ ዝሰርጽ ነገራዊ ሓይሊ ይፈጥር” ዝበለ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። ሓደ ህዝቢ ይውሓድ ይብዝሕ ንህላወኡ ዝውሰኖ ንቕሓትን ውዳበን'ምበር ብዝሕን ኣጽዋርን ከምዘይኮነ ተመስኪሩ እዩ። ሓደ ህዝቢ ወይ ሰውራ ንዋሕዱ ናብ ብዝሒ ዝቕይረሉ መሳሪዝም ውዳበ እዩ።

ግራት ዓጸድ ምስ ጀመርካ ፈለማ ዕትርቲ፡ ደሓር ንዳእቲ፡ ቀጺሉ ኮፍሮ፡ ድሕሪኡ ቅሚጦ - ናይ መወዳእታ ድማ ዓውዲ (መኼዳ) ኮይኑ እኽሉን ሓሰሩን ይፈላለ። እዚ ዝተጠቕሰ ንባዕሉ፡ መስርሑ ዝሓለወ ውዳበታት እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ፡ ትካላት መግስታትን ሰራዊትን፡ ውዳበ - ድሕሪ ንቕሓት ዝሰዕብ ንሽግራትካን ጸገማትካን ጥራይ ዘይኮነ ንጺጋታትካን ረህዋኻን ብቐጻልነት ንምጥቃም ወይ ምግልጋል ዝሕግዝ ዋልታ እዩ።

ውዳበ ንዕላማ ዘገልግል ቁመና እዩ ካብ በልና፡ እንታይ ዓይነት ውዳበ ንዝብል፡ እንታይ ዓይነት ዕላማ ዝብል ይወስኖ። ሓደ ሰብኣይ ንውላዱ “ኣብ ልብና ክልተ ነገራት ማለት፡ እቲ ሓደ ጨካን እቲ ሓደ ከኣ ለዋህ ጎደኒ ንጎደኒ ዝተጠቐመጡ ኣለዉና” ምስ በሎ፡ እቲ ቆልዓ “ኣየናዮም ይሕይል፧” ክብል ሓተቶ። እቲ ኣቦ “ከቶም ዝመገብናዮም (ዝቐለብናዮም) ክብል መለሰሉ።

ስለዚ ውዳበ ምስዚ ዝጠቐስናዮ ኣበነት ዝመሳሰል ባህርይ ኣለዎ። ንውዳበ ዝውስኖ መልክዕ ወይ ጣቋ ዕላማና እዩ። እንኹተሎ ክልሰ ሓሳብ ይኹን ክንበጽሖ እንደሊ ጥሙሕ፡ ቅኑዕ ደዩ ጎባጥ ንውዳብና ቀንዲ ረቛሒ እዩ። ንኣብነት ህዝቢ ብዘይ ኣፈላላይ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ጆግራፍ፡ ብሓደ ሰሚሩ ተጠሚሩ ክግስግስ ዝዓለመ ወይ ሸቶ እንተለካ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ማእከል ገይርካ ሓደነት ዝብል ዝናር ተዓጢቕካ፡ ኣብ ክንዲ ዘጻጽል ዝጠራንፍ (ዘሐብር) ውዳበ ኢኻ ትፈጥር። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ ሓፋሽ ማእከል ዝገበረ፡ ኣብ ዜግነት ዝተመርኮሰ ውዳበ እዩ ዘቕወም ነይሩ። ንኣብነት ማሕበር ተማሃሮ፡ ደቀንስትዮ፡ ሸቃሎ፡ ሓረስቶት፡ ሞያውያን ወዘተ. እዚ ውዳበታት'ዚ ከኣ ምስቲ ኣቐዲምና ዝጠቓቐስናዮ ንቕሓት ተዋሲቡ ስምረትን ወሀደትን (harmony) ፈጢሩ፡ ሸሕ ንዋልታ ኮይኑ ቀይሙ። ገናውን ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ጎረቤትና ኢትዮጵያ ውዳበ ሓፋሽ ማእከል ዝገበረ ዘይኮነ ስልጣን ግዝኣት፡ ግቡታ ማእከል ዝገበረ ኮይኑ ክገዓዝ ምጽንሑን ይገዓዝ ብምህላዉን እቲ ውዳበ ነዚ ስልጣን ናይ ምብሓትን ምሕላውን ጥሙሕ ብዘሰማምዕ ኣገባብ ክዋቐር ግድን ይኸውን። “ፈላሊኻ ግዛእን ፈታውን ጸላእን” ዝብሉ ኣምራት ኣብ ክልሰ-ሓሳብ ስልጣን ቀንዲ ተዘክርቲ ይኾኑ። ስለዝኾነ ውዳበታት ወይ ቅርጺ መንግስትን ህዝብን ብቛንቋ ወይ ብሄር ወይ ጆግራፍ ማእከል ዝገበረ ኮይኑ ይውደብ። ከምቲ ሰብኣይን ሰበይትን ዝተብኣሱሉ መኣዲ ይፍጠረልዩ ዝበለ ተበላጺ፡ ሰሪ ንቕሓትን ፍልጠትን ጸግዕን ወገንን ፈሊኻ ሰበይ ሱቡ ተበሃሂልካ ትዋዳእ። እቲ ኣዚ መሳርሒ ክኾኖ ዝወጠነ ጉጅለ ወይ ስርዓት ድማ “ኣሰይ እዛ ሓሳብ ልበይ'የ ሰሚራትለይ” እናበለ፡ ስልጣኑ የናውሕ፡ ሃብትን ጺጋን ሃገር ይዘምትን ይግዕልን።

ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ዝተኸተሎ ኣገባብ ምሕደራ ንገለን ናብ ማእከል ሓቝፉ፡ ንገለ ድማ ንጽግዒ ወሲኑ (marginalize) ዕምሪ ስልጣኑ ምንዋሕ ብምዃኑ፡ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ጸላኢ ኣቐሚጡ ምስ ህዝቢ ኣምሓራን ኦሮሞን ከናቑት ክንደይ ዘይፈተነ። ካብቲ ብዙሕ ንሓደ ኣብነት ምስ እንጠቅስ፡ ኑቲ ቀደም ሃጼ የሃንስ ኣብ ግዜ ንግስነቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ጎዳም ፈጺምዎ ዝበሃል ናይ ልዕሊ 100 ዓመት ዛንታ ከሺኑ፡ ልቢ ህዝቢ ኣምሓራ ከቕሕር ዝፈተነ ነውራም ስርዓት እኮ'ዩ።

ስርዓት ብልጽግና ስልጣኑ ንምሕላው ዝጥቀመሉ ውዳበ፡ ኣብቲ ዝዘዘረ ማለት ብሄር ምስ ብሄር ናይ ምሞጫው ትልምታቱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሓደ ብሄር'ውን ብናይ ፖለቲካ ምሳር ገይሩ ክኸራትፍ ፈቲኑ'ዩ። ንኣብነት ንህዝቢ ትግራይ ብደቁ ገይሩ መታን ክሕምሶ፡ “ሓራ መሬት ወይ ድማ ሓይልታት ሰላም” ብዝተጠመቐ ወይጦ ሓይሊ ገይሩ፡ ንሓድሕዱ ውግእ ወለዑሉ ይርከብ። ይኹን'ምበር ኣብ ዝኾነ እዋን ወይጦ ንሓይሊ ሓፋሽ ክሰዕር ወይ ከዝርክኽ ዘኽእል ቁመናን ሩሕን የብሉን። እዚ ክንብል እንከለና ግን፡ ንቕሓትን ውዳበን ናይቲ ግዳይ ዝኸውን ዘሎ ህዝቢ ኣገዳሲ እዩ። ናይዚ ቀሊል ኣብነት እዚ ዝስዕብ'ዩ።

ናይ ዱር ወይ መሮር ኣኽላባት ከም ኣብነት እንተወሰድና፡ ብተፈጥሮ ቅንጹባት ክሰም፡ ንኩበሪ ይኹን ኣንበሳ ኣባህሪርም ክንፍጽዎ ክለዉ እንክትርኢ ይድንጽወካን የስደምመካን። ምስጢር ናይዚ መለኮታዊ ሓይሊ እዚ እንታይ'ዩ ኢልካ እንተመርሚርካ፡ ሓደ ንጹር መልሲ ‘ውዳበ’ ዝብል ትረክብ። እዞም ኣኽላባት መሮር እንተዘይጥርነፉን ዘይውደቡን ነይሮም፡ ብኩበሪ ይኹን ብኣንበሳ ናይ ሓንቲ ደቂቕ ብርኩታ ምኾኑ ነይሮም። ሳላ ውዳበኦም ኣብቲ በረኻ'ቲ “ብሓም ዝበለ ይተሓንም” እናበሉ ብፍናን ይኑብሩ። ብተመሳሳሊ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜ ቃልሲ ስጡም ውዳበ ስለዝነበሮ፡ ናጽነት ምስ ኮነ መንግስታዊ መሓውር ግዜ ኣይወሰደሉን፡ ከምቶም ካልኦት ኣብ እግሪ ተኺሉ ዘኾቱዎ ደንበርበር ኣይበለን።

እቲ ሳልሳይ “ዋልታ” ዕጥቂ'ዩ። ምዕጣቕ ንብዙሓት ገርህኛታት ከምዚ ከማይ ጠበንጃ ምሕንጋጥ ወይ ሴፍ ምሓዝ ይመስል ይኸውን። ምዕጣቕ ግን ብፍልስፍናዊ መገዲ ምስ እንርእዮ ድሉውን ቅሩብን ምዃን'ዩ። ንኣብነት ንሓደ ወዲ ተባዕታይ “ኣጆኻ ሰረ ዕጠቕ!” ክንብሎ እንከለና፡ ሰረ በትሪ ኮይኑ ክተሃራረመሉ ማለት ዘይኮነ ንኹሉ ዝመጽእ እንተታት ቅሩብን ድሉውን ኮይንካ ጽናሕ ንምባል'ዩ። ኣደታት ድግድጊት ዝዕጠቓ ንኽበኣሳን ክቋየቓን ዘይኮነ ንኸቢድ ሰራሕን መኹተን ቅሩባት ምህላወን ንምግላጽ እየን። ጸቡቕ ውራይ ዝሕለፈት ኣደ “ሕርሕራይ ገይራ ተዓጢቓትሉ እንድያ” ኢልና ንንእዳ። ቀዲማ ምሉእ ምድላዋት ገይራ ንምባል'ዩ።

ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ናይ ህዝባዊ ግንባር ክንዕለም ከለና፡ እቶም ዓላሞ (ኣሰልጠንቲ) ብረት ዝበሃል ኣየትሕዙናን ነይሮም። ግን መስርዕ ጋንታ ሓይሊ. . . እናበሉ ድማ ይውድቡና። ዝ ዝገብሩሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝዓጠቕና ምዃንና ክሳብ ዘረጋግጹ እዮም። ዝ ምስ ኣረጋገጹ ድማ'የም ናብ ብረት ምፍታሕ፡ ምግጣምን ምትኳስን ዝወሰዱና ነይሮም። ድሕሪ'ዚ ከኣ ኢና “ሃብዚ ዝናረይ ክዕጠቕ ባዕለይ ክዕጠቕ!” ዝብል ደርፊ ክንደርፍ እንጀምር።

ስለዚ ጠበንጃ፡ ሚሳይልን ድሮንን መቐጸልታ ወይ መተግበርያ ናይ ንቕሓትን ውዳበን እዩ። ንኢትዮጵያ ዝመርሕ ዘሎ ብልጽግናን መሰልቱን ዝጋገዩዎ ስትራተጂያዊ ጌጋ እንተሎ፡ መተግበሪ ሕልምታቶም ብብዝሒ ኣጽዋርን ገይሮም ናብ ፈተነ ዝኣትዉ ምዃኖም እዩ። እዚ ሕጂ ናብ ትግራይን ኣምሓራን ካልኦት ክልላትን ኢትዮጵያ ገይሮሞ ዘለዉ ወፍሪ ናይዚ ዝተጠቕሰ ፍሹል ስትራተጂ ፈለግ ዝተኸተለ'ዩ፡ ውጽኢቱ ድማ ደቅስ ኢልካ ትንስእ ዝረጋገጽ'ዩ።

ህዝባዊ ግንባር ግን፡ ሓፋሽ ይንቃሕ ይወደብ ይተዓጠቕ ክብል እንከሎ፡ እዞም ሰለስተ ረቛሒታት ዘይነጻጸሉ ኣዕኑድ ናይ “ዋልታ” ምዃኖም ብምግንዛብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋንኦም ሓፋሽ ህዝቢ ምዃኑ ስለዝኣምን እዩ። በዚ ከኣ'ዩ “ሰስኑ ሰስኑ ሸሕ ንዋልታ ኩኑ ኣታ'ዛዓድና ከይኣትዋ ጓና” ንዝብል ብሂል ኣቦው ተኸቲሉ፡ ትማሊ ኮነ ሎሚ እንተላይ ንጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን እኹ ምርጫና ዋልታ ምዃኑ ከም መትከልን እምነትን ዝሓዘ። ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ሳሕል፡ ኣብ ሓንቲ ከውሒ፡ መን ከም ዝወቐራ ዘይትፍለጥ “ንወዲ ዓኽርን ንጸላእን ኣይተናሕሲ” ትብል ጥቕሲ ወትሩ'ያ ቅጅል ትብለኒ። እዞም ክልተ ነገራት (ወዲ ዓኽርን ጸላእን) ብኸመይ መገዲ ከምእንሕዞም ስለዝመለኽና ከኣ ኢና ዘይንቕነቕ ዋልታ ኮይናን ዝይሰገር መሰገደል ዝሰገርና። ሕጂ'ውን ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝደጋገሞ፡ ሓድሽ ምህዞ የልቦን እቲ ናይ ትማሊ መገዲ ዓወት ንዕኡ ገጥ ኣቢልካ ሒዝካ “ሰስኑ ሸሕ ንዋልታ ኩኑ - ኣታ'ዛዓድና ከይኣትዋ ጓና” ምባል'ዩ።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ሻቕሎት

### ሻቕሎት ፡ ፍርሒ ድዩ፧

ሻቕሎት፡ ንዘየጋጠመ ነገር፡ ኣብ መጻኢ "ከጋጥም ይኽእል እዩ፡" ኢልና እንሓስቦ ኩነታት እዩ። ሻቕሎት፡ ነቲ ዘየጋጠመ ጸገም፡ ኣእምሮና ዝገብሮ ቅድመ ምድላው እዩ። ኣእምሮና ንዘየጋጠመ ነገር ከም ዘጋጠመ ገይሩ ወይ ኣጋኒኑ ናይ ምቕራብ ልዑል ክእለት ኣሎዎ። ስለዚ፡ ኣብ ግዜ ሻቕሎት ኣእምሮናን ኣካላትናን ነቲ ዘየጋጠመ ነገር ከም ዘጋጠመ ኣሚኑ ኣብ ክቱር ወጥሪ እዩ ዝሽመም። ሻቕሎትን ፍርሕን ዘመሳስል ምልክታት ዋላ ድኣ ይሃልዎ፡ በበይኑ መበገሲ፡ ሳዕቤንን መፍትሕን እዩ ዘሎዎ። ፍርሒ፡ ንዘጋጠመ ኣስጋኢ ኩነታት እነርእዮ ግብረ መልሲ እዩ። ብመንጽሩ ከኣ ሳዕቤን ፍርሒ ክንግምቶ ንኽእል ኢና። ፍርሒ ክንከላኸሎ ወይ ክንቈጻጸሮ ምስ እንደሊ ከኣ ነቲ ዘፍርሓና ነገር ክንለማመዶን ክንመልኮን ምጽዓር የድሊ። ሻቕሎት ግን ዝተፈልየ መልክዕ እዩ ዘሎዎ። ክንዲ ፍረ ኣድሪ ንዘኾነ ነገር ኣእምሮና ክንዲ እምባ ገይሩ ብምቕራብ ከታልለና ይኽእል እዩ። ዘሻቕለና ጉዳይ ኣብ ዘየጋጠመ ኩነታትን እንተታትን ዝተመርኮሰ ስለዝኾነ መፍትሒ ንምርካብ ኣሸጋሪ ይገብሮ። ፍርሒ ኣብ እዋን ሓደጋ ዝኽሰት ስምዒት ስለዝኾነ፡ ኑብስና ካብ ሓደጋ ንምድሓን ቅልጡፍ ውሳነ ወይ ግብረ መልሲ ክንህብ ይደፋፍኣና። ሻቕሎት ግን ኣብ መጻኢ ከየጓንፍ ብምስጋእ ዝኽሰት ኩነተ ኣእምሮ ወይ ስምዒት ስለዝኾነ ንኸይንውሰንን ናብ መጻኢ ከይንስጉምን ሓሊኹ'ዩ ዝሕዝ። ስለዚ፡ ካብ ሳዕቤናት ሻቕሎት፡ ሳዕቤናት ፍርሒ ይሓይሽ ክበሃል ይከኣል።

#### ክንደይ ካብ ዘሻቕለና ጉዳይ ኣብ ክውንነት የጋጥም፧



መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ 91.4% ክሳብ 100% ናይ ሻቕሎት ኣብ ክውንነት ኣየጋጥምን። ስምዒት ሻቕሎት ኣለልዮም ብግቡእ ንሓኪም ዝሕብሩ ተሓከምቲ 70% ጥራይ ምኺኖምን እቶም ዝተረፉ 30% ተሓከምቲ ነቲ ብውሽጦም ዝርብሽ ስምዒት ከም ዘሎዎም ግን ብዝግባእ ክገልጽዎ ከም ዘይክእሉ ብ2003፡ ኣብ 'ካቢታ ዚን' ዝተባህለ መወከሲ ተጠቒሱ ይርከብ። ብ2015፡ ባርሎው፡ ብሕማም ሓፈሻዊ ሻቕሎት ዝተጠቕዑ ተሓከምቲ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ 25% ክሳብ 40% ካብ ሻቕሎቶም ምስ ሓቀኛ ህይወቶም ዘይተሓሓዝ ምኺኑ ገሊጹ። ብተወሳኺ ብ2013 ካሽዳንን ሲያሮሲን ዝተባህሉ ተመራመርቲ፡ ልዑል መጠን ሻቕሎት፡ ናይ ሓሶት መጠንቀቕታ ደወል ከም ዘማዕብልን ናብ 'ሃይፐርኣርዛል' ማለት ኣብ ዘየጋጠመ ነገር ብተደጋጋሚ ክንርበሽ ከም ዘቃልዕን ገሊጾም። ብኣጠቓላሊ መብዛሕታኡ መጽናዕትታት፡ ሻቕሎት ኣዝዩ ብርቱዕን ብተደጋጋሚ ዝስምዓናን ስምዒት ደኣ ይኹን እምበር፡ እቲ ምስ ህይወትና ብቐጥታ ዝተኣሳሰርን ብርግጽ ዘጓንፍን ኣዝዩ ውሱን ምኺኑ እዩ ዘብርህ።

#### ክንደይ ዓይነት ሻቕሎት ኣሎ፧

ምስ ዕድመ ዝደፍኡ ወለዲ ኣዕሊልናዶ ንፈልጥ፧ እንታይ ዘሻቕሎም ይመስለና፧ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ምስ ሓንቲ ኣብ 90ታት ዕድመ እትርከብ ኣደ ምስ ኣዕለልኩ፡ ምስ ሞተት ዝቕብራ ከይትስእን ኣመና ከም እትሻቐል ኣተንቢሃትለይ። ሻቕሎት ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። ከከም'ቲ ዘጋጠመና ኩነታትን ባህርያትናን ዝተፈላለየ ዓይነት ሻቕሎት ኢና እነንጸባርቕ። ሻቕሎት ኣብ ክልተ እዩ ዝኽፈል ገሊኡ ምስ መዓልታዊ ብድሆታትናን ናብራንን ዝኸይድ እዩ፣ ንኣብነት፥ ኣብ ግዜ ውድድር ከይንወድቕ እንገብሮ ዓይነት ሻቕሎት፡ ኣብ ክውንነት ዝተመርኮሰን ምስ ህወይትና ዝተኣሳሰርን ስለዝኾነ ብኣድህቦ ክንፈትሖ ኣገዳሲ ይገብሮ። ገለ ገለ ዓይነት ሻቅሎት ግን ምሉእ ብምሉእ ክትቈጻጸሮ ይኹን ክጸልወና ዘይክእል እዩ። እንታይ ዓይነት ሻቕሎት ይስምዓና ኣሎ፧ ካበይከ ይብገስ፧ ንኽንደይ ግዜ ዝኣክል ምሳና ጸኒሑ ኣሎ፧ ወዘተ፡ ዝብል ሕቶታት ምሕታትን ምምላስን ንመስርሕ ምቁጽጻር ሻቕሎት ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ብኣድህቦ ክነጽንዖ ይግባእ። ብዙሕ ዓይነት ሻቕሎት ከም ዘሎ ዝተፈላለየ መወከሲታት ይሕብር፣ እቲ ብተደጋጋሚ ዝስምዓናን ከነለልዮ እንኽእልን ዓይነት ሻቅሎት ግን ውሱን እዩ። ንኣብነት፥

- ኣብ ሓደ ዓንኬል ናይ ሻቕሎት ወይ ሓሳብ ዕንክሊል ምባል፡
- ከጋጥም ዝኽእል ዘዝኸፈአ ኩነታት ጥራይ ምሕሳብ፡
- ብዛዕባ ሕሉፍ በደል፡ ጌጋ፡ ክሳራ፡ ወዘተ ተጸሚድካ ምሕሳብ፡
- ኣብ ግዜ ውድድር ዝስምዓናን ናይ ክወድቕ ወይ ክስዓር እየ ዝብል ሻቕሎት፡
- ኣብ ውሱን ነገራት ምሽቓል (ጥዕና፡ ፋይናንስ፡ ውላድ፡ ፍቕራዊ ህይወት፡ ሓዳር፡ ወዘተ) ፡
- ሕማም ሓፈሻዊ ሻቕሎት- መዓልታዊ ብዛዕባ ዘየጋጠመ ኩነታት ምሽቓል፡ ንኣብነት "ዓለም ኣሪጋ፡ ክትጠፍእ ቀሪባ፡" "ህዝቢ ዓለም በዚሑ፡ ጸጋታት ዓለም ኣሰካፊ እዩ፡"
- ማሕበራዊ ሻቕሎት- ሰብ ኣይቕበለንን'ዩ ዝብል ሻቕሎት፡ ንኣብነት፥ "ዝምርዓወኒ ከይስእን፡" "ኣብ ግዜ ጸገመይ ጸግዒ ከይስእን፡" ወዘተ ክንጥቅስ ንኽእል።

ንሕናኸ እንታይ ዓይነት ሻቕሎት'ዩ ዘሎና፧

## ሻቕሎት መኣስ እዩ ኣሻቓሊ ዝኸውን፧

ሻቕሎት ምስ ፍልቀታዊ ድሕረ ባይታና ወይ ተመኩሮና ዝተሓሓዝ ስምዒት እዩ። ብዛዕባ መጻኢ ኣፍልጦ ስለዘይብልና ኣብ ህሉው ኳይንና ከነወግዶ እንኽእል ሓደጋ ንምግማትን ቅድመ ምድላው ንምክያድን የገልግል። ስለዚ ሚዛናዊ ስምዒት ሻቕሎት ባህርያዊ እዩ፣ ጥቕሚው'ን ኣሎዎ ክንብል ንኽእል። መኣስ ደኣሉ ሻቕሎት ኣዕናዊ ዝኸውን፧

ሻቕሎት ብተደጋጋሚ ምስ ዝስምዓናን ደው ከነብሎ ወይ ክንቈጻጸሮ ምስ ዘይንኽእልን ከም ናይ መጠንቀቕታ ምልክት ክንወስዶ ንኽእል። ንኽንደይ እዋን ዝኣክል ንሻቐል ቀንዲ መለክዒ ሳዕቤን እዩ። ዝነውሐ ግዜ ዝተሻቐልና ዝበኣሰ ሳዕቤን ክረኣየና ይኽእል። ክብደት ወይ ዕምቈት ናይ ሻቕሎትና ከም ካልኣይ መለክዒ ክንወስዶ ንኽእል ኢና። ብንጹር ክንሓስብን ክንውስን ዝገትእ ጽልዋ ዘለዎ ሻቕሎት ካብቲ እቲ ፍኹስ ኢሉ ዝስምዓና ዓይነት ሻቕሎት ንላዕሊ ኣድህቦ ክንህቦ ይግባእ። ሳልሳይን ቀንድን መለክዒ፡ ሻቕሎትና ኣብ ንቡር መዓልታዊ ንጥፈታትና ክዕንቅጸና ምስ ዝጅምር እዩ። ኣብ ገለ ግዜ ሻቕሎት ዝምድና ክብትን፡ እምነትና ከጒድልን ክሳብ ምስትንፋስ እንስእን ክገብር ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓገዝን ሕክምናዊ ረድኤት ክንሓትት ይግባእ።

## ዘይሻቐል ሰብ ኣሎዶ፧

ብዛዕባ መጻኢና ንሓስብ ክሳዕ ዝኾንና ካብ ሻቕሎት ከነምልጥ ኣይንኽእልን ኢና። ሚዛናዊ ሻቕሎት፡ ንዘይንፈልጦ መጻኢ እኹል ምድላው ክንገብር ዕድል ስለዝፈጥር ምሉእ ብምሉእ ከነጥፍኦ ኣይግባእን። እቲ ዝስምዓና ሻቕሎት ምስ ክውንነት ዝተሓሓዝ ክኸውን፡ ካብ ዓቕምና ወጻኢ ዝኾነ ጉዳይ ካብ ምሽቓል ክንግታእን ሻቕሎትና ክንቈጻጸርን ግን ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ጉድናዊ ሳዕቤን ሻቕሎት ክሳብ ሞት ክብጽሕ ስለዝኽእል። ሳዕቤናት ሻቕሎት ክነጓድለሉ እንኽእል ገለ ሜላታት ክንጠቅስ፡

ሀ፡ ዘሻቕለና ዘሎ ጉዳይ ብንጹር ምልላይ

ለ፡ ብምሽቓልና ነፍርዮ ነገር ኣሎ ድዩ ምፍላጥ፣ ነድምዖ ነገር ምስ ዘይህሉ ናብ 'መ'ን 'ረ'ን ንስገር

ሐ፡ ኣብቲ ክንቈጻጸሮን ክነድመዓሉን ንኽእል ጉዳያት ምድሃብን ግዜ ምፍላይን

መ፡ ነቲ ክንቅይሮ ወይ ክንቈጻጸሮ ዘይንኽእል ጉዳያት ናይ ምቕባል ክእለት ምምዕባል

ረ፡ ሻቕሎት ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ምስ ዝኸውን ኣብ ጥዕናና፡ ማሕበራዊ ናብራን ብዓቢኡ ኣብ ህይወትናን ኣሉታዊ ሳዕቤን ከየኸተለ ከሎ ሓገዝ ምሕታት።

## ክብደት እታ ብኬሪ

ኣብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ዝምህር ፕሮፌሰር፡ ማይ ዝመልኣት ብኬሪ ሒዙ ናብ ክፍሊ ክምህር ኣተወ። "እዚኣ ብኬሪ ክንደይ ትምዝን ይመስለኩም፧" ኢሉ ንተማሃሮኡ ሓተቶም። ንሳቶም ከኣ "50 ግራም!" ... "100 ግራም!" ... "125 ግራም!" ... ኢሎም ግምቶም ሃቡ። "ክንደይ ከም ትምዝን እኳ ኣይፈለጥኩን፡ ስለዘይመዘንክዋ፣ ሕቶይ ግን ንገለ ደቓይቕ ሒዘያ ምስ ዝጸንሕ እንታይ ከጋጥም ይኽእል፧ እዩ፡" በሎም። "ዋላ ሓንቲ፡" ኢሎም መለሱሉ። ደጊሙ "ሕራይ፡ ንሓደ ሰዓት ሒዘያ ምስ ዝጸንሕ ከ እንታይ መጋጠመ፧" ኢሉ ሓተቶም። "ኢድካ ክርብርብ ምጀመረ፡" በለ ሓደ ካብቶም ተማሃሮ። "ጽቡቕ ኣለኻ፣ ንሓደ መዓልቲ ሒዘያ ምስ ዝውዕል ከ እንታይ ምኾንኩ፧"



"እዋእ፡ ኢድካ ምደንዘዘ፣ ናይ ጭዋዳ ጸገም ምገበርካ፣ ለሚስካ ሕክምና ምኸድካ፡" ኢሉ ብድፍረት መደረ፣ ደቂ ክፍሉ ከኣ ብነድሩን ስክፍታኡን ተደኒቖም ሰሓቑ።

"ግርም፡ ክብደት ናይታ ብኬሪ ተቐይሩ ድዩ፧" ኢሉ ሓተተ እቲ ፕሮፌሰር።

"ኣይፋል፡" በሉ ኩሎም እቶም ተማሃሮ።

"ንምንታይ ደኣ ጭዋዳይ ዘቐንዙን ዘልምስን ዝኸውን፧" ኢሉ ምስ ሓተተ እቶም ተመሃሮ ኣብ ሓሳብ ኣተዉ።

"እታ ብኬሪ ስለዘየቐመጥካያ፡" በለ ሓደ ካብቶም ተማሃሮ።

"ትኽክል ኣለኻ፡" በለ እቲ ፕሮፌሰር።

"ናይ ህይወት ብድሆታት ልክዕ ከምዚ ክንዕዘቦ ዝጸናሕና እዩ። ንደቓይቕ ምስ እንሕዞ ብዙሕ ዘጸግም ኣይመስለን፣ ንነዊሕ ግዜ ምስ ሓሰብናሉን ኣስተንተናዮን ግን ከቐንዘወና ይጅምር። ንኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ምስ ሓሰብናሉ ከኣ ከልምሰና ይጅምር እሞ ዝኾነ ነገር ክንገብር ከም ዘይንኽእል ይገብር፡"

"ብዛዕባ ኣብ ህይወት ዘጓንፉና ብድሆታት ክንሓስብ ግድን እዩ። ምኽንያቱ መፍትሒ ክንረኽበሉ እንተ ኳይንና ኣዕሚቕና ክንሓስብ ኣገዳሲ እዩ። ይኹን እምበር ኩሉ ብድሆ ስለዝሓሰብናሉን ዝተሻቐልናሉን መፍትሒ ይርከቦ ማለት ኣይኮነን። ገለ ብድሆ ግዜ ወሲዱ ዝፍታሕ ኣሎ፡ ገለ ከኣ ምስ ካልእ ሰብ ተዛቲኻ ዝፍታሕ ኣሎ፡ ካልእ ብድሆ ከኣ ንግዜኡ ኣእምሮና ምስ ኣዕረፈ ወይ ደቀስና፡ መፍትሒ ዝርከቦ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ኣእምሮና ካብ ሻቕሎትን ጸቕጥን ንሓልዎ፡" ብምባል ንተማሃሮኡ ተሳበወ።

***

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ሓሊበት ንሮቤት ብገፊሕ ውጽኢት ስዒራታ

### ኣዎና ኢብራሂም ሱፐር ሃትሪክ ሰሪሓ

ውሽጣዊ ውድድራት እዚ. ሓይሊ. ኣየር ኤርትራ፡ ብሰለስተ ሓሙሽተን ብጸወታታት ኩዕሶ እግሪን ኩዕሶ መርበብን ኣብ መዓስከር ሓይሊ. ኣየር ፈንቅል ኣየር ቤይዝ ጭዕ ቀጺሉ።

ብሰሉሱ ደቂ ኣንስትዮ ዊናን ሕድሪን ኣብ ዘካየድኦ ግጥም ኩዕሶ እግሪ፡ 0፡0 ተፈላልየን። ቀጺለን ጹሓይ በርቂን መሰረትን እየን ተራኺበን። ጹሓይ በርቂ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ብኣለም ደበሳይ ተሓጊዛ ንመሰረት 1፡0 ተዓዊታትላ።

ኣብ መወዳእታ ደቂ ተባዕትዮ ጹሓይ በርቂን ሓሊበትን ዘካየድዎ ጸወታ ድማ፡ ጹሓይ በርቂ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ናኦድ ክፍለማርያም ብዘመዝገባ ሽቶ 1፡0 ተዓዊታ። ኣብቲ ዕለት ዝተኻየደ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ሮቤት ንጸግዖት 2፡0 ስዒራታ።

ብረቡዕ ደቂ ኣንስትዮ ሓሊበትን ሮቤትን ንግጥም ኩዕሶ እግሪ ናብ ሜዳ ኣብ ዝወረዳሉ፡ ሓሊበት ብገፊሕ 5፡0 ተዓዊታ። ንሓሙሽተ ሽቶታት ሓሊበት ዘመዝገበት ኣዎና ኢብራሂም ድማ ጸብለል ኢላ።



ድሕሪኡ ደቂ ተባዕትዮ መሰረትን ዊናንየን ተራኺበን። መሰረት ድማ ኣብ ሓሙሻይ ደቒቕ ካብ ጀማል መሳ ሸቶ ብምርካብ ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ግጥም ዝተራእየ ሽቶ ኣይነበረን። እቲ ጸወታ ድማ ብዓወት መሰረት 1፡0 ተዛዚሙ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ መሰረት ንፈንቅል 2፡0፡ ደቂ ተባዕትዮ - ሕድሪ ድማ ንሓሊበት 2፡1 ሰዒረንኦን። ውሽጣዊ ውድድራት እዚ. ሓይሊ. ኣየር ኤርትራ ሎሚ ዓርቢ. ብኩዕሶ እግሪን መርበብን ክቕጽል እዩ።

## ኮንተ ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ክኸውን ጸውዒት ኣቕሪቡ

ኣሰልጣኒ. ቸልሲን ናፖሊን ነበር ኣንቶንዮ ኮንተ፡ ኣብ ልዕሊ. ኣሰልጣኒ. ማይክል ካሪክ ጸቕጢ. እናሓየለ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ኦልድትራፎርድ ኣብ ሓጺር ግዜ ሓለፍት ክሕዝ ድሉው ምዃኑ ንማንቸስተር ዩናይትድ ሓቢሩ። ወከልቲ ናይዚ. ኢጣልያዊ ኣሰልጣኒ፡ ኮንተ ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ላዕለዋይ ደረጃ እንግሊዝ ክምለስ ዘለዎ ሓያል ድሌት ንምምላጽ ናብ ሓለፍቲ ናይ'ታ ክለብ ጠለብ ኣቕሪቦም ኣለው።

ብመሰረት ጸብጻብ ተምቶክ፡ ምስዚ. ወዲ 57 ዓመት ኣሰልጣኒ ዝሰርሑ መንኞታት፡ ኮንተ ንቲ ኣብ ሓያል ቃልሲ. ዘርከብ ማይክል ካሪክ ንምትካእ ድሉው ምዃኑ. ኣረጋጊጾም።

ምስ ናፖሊ. ኣብ ፈለማ ናይ ምስልጣን



ግዜኡ ጸዋእ ሰሪኡ ዘልዓለ ኮንተ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ዓመት ካልኣይ ደረጃ ሒዙ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ነታ ጋንታ ከም ዝገደፋ ይዝከር። ይኹን እምበር ድሕሪ'ቲ ኢጋጣሚ ካብ ስራሕ ደው ኢሉ ብምህላው፡ ስሙን ዝናኡን ምስዚ ኣብ በዓሊ. እዋን ከም ዘሎ ትግለጽ ዩናይትድ ብምትእስሳር ናብ ስራሕ ክምለስ ብሂጉ ምህላዉ. ይሕበር።

ኮንተ ኣብዚ. ዝሓለፈ. ክረምቲ ምስ ዳይረክተር ኩዕሶ እግሪ ማንቸስተር ጄሰን ዊልኮክስ ዝርርብ ኣካይዱ ምንባሩ ዝጠቐሰ'ቲ ዝርዝር፡ እንተ ኾነ ቦርድ ናይታ ጋንታ፡ ንቲ ናብ ቻምፕዮንስ ሊግ ናይ ምስታፍ ዕድል ዝፈጠረሎም ኣሞሪም ብቐዋምነት መዘኑት ምስልጣን ከምዝሓረዎ ይፍለጥ።

እዚ. ከምዚ. ኢሉ እንከሎ፡ ኣሰልጣኒ. ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ነበር ጁልያን ናገልስማንን ኣሰልጣኒ. ኒውካስትል ነበር ኤዲ ሃውን ዝርከብዎም ክኢላታት ምስዛ ጋንታ ስሞም ዝለዓል ብምዃኑ፡ ኮንተ ቀሊል ዘይኮነ ውድድር ይጸንሖ ምህላዉ. ይሕበር።

## ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብግጥማት ኲዕሶ እግሪን ሰኪዐትን ውድድራቱ ይቕጽል

ውድድራት ኩዕሶ ሰኪዑት ሰለስተ ብሰለስተ (3፡3) ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሂምባል ንዓራግ 15፡09፡ ኣቡላፈ. ንዋልታ 18፡10፡ ዒታሮ ንሳቡር 07፡03፡ ሓሊበት ንዚምባል 06፡03 ተዓዊተናለን።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዓራግ ንዚምባል 20፡16፡ ኣቡላፈ. ንዋልታ 14፡09፡ ዒታሮ ንሳቡር 14፡10፡ ሂምባል ንሓሊበት 17፡15 ክዛዘም እንከሎ፡ ብረቡዕ ድማ ደቂ ኣንስትዮ- ሓሊበት ንሳቡር 11፡04፡ ሂምባል ንኣቡላፈ. 12፡09፡ ዓራግ ንዒታሮ 13፡03፡ ሳቡር ንዋልታ 11፡02፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ - ሳቡር ንሓሊበት 15፡07፡ ኣቡላፈ. ንዚምባል 18፡15፡ ዒታሮ ንዓራግ 16፡08፡ ሳቡር ንዋልታ 21፡02 ኣፋንጸኦን።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ንኣቡላፈ. ምስ ዓራግ ዘራኸበ ጸወታ፡ ኣቡላፈ. ካብ ይክኣሎ የውሃንስ ቅልጥፍቲ ሽቶ ረኺባ መሪሓ'ኳ እንተ ነበረት፡ ዓራግ ግን ብመንገዲ. ዓብለል ውሓዘ ንጸወታ ብምምዕርራዩ፡ መሪሕነት እተትሕዞ እውን ካብ ሰራቅ ተኽሉብርሃን ሽቶ ብምውሳኽ ናብ ዕረፍቲ ኣቐኒዓ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኣቡላፈ. ጸቡቕ ፈተነታት ክተካይድ ጀመረት። ጸወታ ብዓወት ዓራግ ክዛዘም'ዩ እናተባህለ ድማ ናይ መስመር ዳኛ ኩዕሶ ካብ መስመር ወጺኣ'ያ ንዝብል ምልክት ጥንፈራ ጥራይ ዝተዓዘበ ሓላዊ ልዳት ዓራግ፡ ኩዕሶ ኣብ ሜዳ ኣብ ዘውረደሉ ግዜ፡ ኣጥቃዓይ ኣቡላፈ. ይክኣሎ የውሃንስ ከየላበወ ናብ ሽቶ ቀዪሩዋ። ብተገራጫጊ ውሳኔ ዳኛ ተቓዊኡ ዘስመዐ ኣሰልጣኒ. ዓራግ - ፊልሞን ወልደሚካኤል ድማ ዘይስፖርታዊ ጠባይ ኣርኢኻ ተባሂሉ ብኽልተ ብጫ ካርድ ካብ ሜዳ ተኣልዩ። ድሕሪኡ ዝተመዝገበ ሽቶ ኣይነበረን፡ ጸወታ ድማ 2፡02 ተዛዚሙ። ይክኣሎ የሃንስ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።



ዋልታ ንሓሊበት ዓዲማ ዘካየደቶ ጸወታ ድማ፡ ዋልታ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ብመንገዲ. ፍጹም ቅላ፡ ኣሚር መርሃዊ ዘቖጸራ ሽቶ ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ሓሊበት ብዘካየደቶ መሳጢ. ጸወታ ብመንገዲ. ተኽሊት ሓጎስ እተመዓራርያ ሽቶ ረኺባ። እንተ ኾነ ዋልታ፡ ሓሊበት ሓገሳ ኣስተማቕራ ከይወደኣት፡ ካብ መርሃዊ ጻድቃንን ሰራቅ ኪዳንን ክልተ ሽቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት ተረኪባ። ዋልታ ኣብ መወዳእታ በቲ ተቐይሩ ዝኣተወ ጴጥሮስ ሓጎስ ራብዓይቲ ሽቶ ብምውሳኻ ንጸወታ 4፡01 ተዓዊታትላ። ኣሚር መርሃዊ ድማ ብሉጽ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

## ሸንገር ንፊፋ ክመርሖ ይኽእልዶ ይኸውን፧

ንብርኪታት ዋንጫ ዓለም ናብ ብሕታውያን ኣውፊርቲ ንምሻጥ ዝበርኦ ፍሽል መደብ ከም ጸለም ነጥቢ. ኣብ ቦትኡ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ፊፋ ጂያኒ ኢንፋንቲኖ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ንራብዓይን መወዳእታን እብረ ብዘይተጸራሪ ዳግማይ ናይ ምምራጽ ተኽእሎኡ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። እዚ. ይኹን እምበር፡ ሓደ ንብዙሓት ከደንጹ ዝኽእል ዝተፈልየ ኣርእስቲ ይሰምዕ ብምህላው፡ "ኣንፊት ናይ'ዚ. ተሰፋታት ክልወጥ ይኽእል'ዩ" ዝብል ሰፊሕ ዘተ ኣበጊሱ ኣሎ።

ንሱ ድማ ሓደ ካብቶም ኣብ ወሽጢ. ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ዝርከቡ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ምዃኑ ዝነገረሉ ኣሰልጣኒ. ኣርሰናል ነበር ኣርሰን ሸንገር ሕጹይ ፕረዚደንት ንምዃኑ ምስ ኢንፋንቲኖ ኣብ ቅልስ ክጽመድ ከምዝኽእል ይንገር።



ኢንፋንቲኖ ድሕሪ እማመ ፊፋ ፎርዋርድ ኢንተርፕራይዝ ኣብ ዘይርጉእ እዋን ብምህላው፡ ንቲ ከም "ተጻራሪ ወይ ኣማራጺ. ሕጹይ ፊፋ ክኸውን ይኽእል'ዩ" ዝብሃሉ ዘሎ ሸንገር ርሒብ ባይታ ክፈጥረሉ ከምዝኽእል'ውን ይንገር።

ትማሊ. ሓሙስ ቤት ምኽሪ ፊፋ ድሕሪ ቅልውላው እማመ ኢንፋንቲኖ ንፈለማ ግዜ ኣብ ዝተኣከበሉ እዋን፡ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከሎ፡ መራሕቲ ኣህጉራውያን ትካላት ስፖርት ኢንፋንቲኖ ካብ ስልጣኑ ክእለ ጻውዒት ከቕርቡ ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

ፊፋ ኑቶም ኣብ ሓሳቡ ክሰማማዑ ዘይክኣሉ ኣህጉራውያን ሓለፍቲ ኩዕሶ እግሪ ንምትህድዳእ፡ ንኹለን ኣባላት ፊፋ ንምዕባለ ኩዕሶ እግሪ ፕዝዮዊ ወሰኽ ከምዝሁብ እዩ ክገልጽ ጸኒሑ። ይኹን እምበር፡ ኢንፋንቲኖ ብጉዳይ ጾታን ምሕደራን ንፕረዚደንት ትራምፕ ፈላሚ ሽልማት ሰላም ምሃብ ከም'ኡ'ውን ብጉዳይ ኣመራርዓ ተጻዋታይ ፎላሪን ባሎግን ኣብ ዘዘኖሩ ኣርእስትታትን ደሰፕሊናትን ዕቱብ መርመራታት ይጸንሖ ምህላው፡ ንቲ ተሰፋ ተገቢሩሉ ዘሎ ንራብዓይ ግዜኡ ናይ ምዕዋት ተኽእሎ፡ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣውዲቕዎ ኣሎ። እዚ. ተርእዮ'ዚ. ድማ ብዘወሳኺ፡ ንሸንገር ጸቡቕ ዜና ክኾነ ይኽእል እዩ።

እዚ. ከምዚ.'እሉ እንከሎ፡ ኣብ ጉዳይ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፊፋ ዛጊት ክጽዋ ብኽኢላታት ዝወሃብ ዘሎ ርእይቶታት፡ ብኣካል ኣብቲ ምርጫ ክሳተፍ ድሌት ኣርእዩ ዘሎ ውልቀ ሰብ እንተ ሃልዩ፡ ተኸላኻላይ ቀተ-ዝም ነበር ራሞን ቬጋ እዩ። እንተኾነ፡ እዚ. ምሕር ናይ ምውድዳር ሸውሃት ከም ዘለዎ ዝገለጸ ዘሎ ቬጋ፡ ናይ ምዕወት ኩሳ ከም ሕጹይ ናይ ምቕራብ ተኽእሎኡ፡ ብመንጽር ሸንገርን ካልኦትን ክርእ እንከሎ ዝተሓተ ምዃኑ ይእመን።

ካልኦት ከም ብዓል ቪክቶር ሞንታግሊያኒ. ፕረዚደንት ኮንካካፍ፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ዩኤፋ ኣሌክሳንደር ሰፈሪን ዝኣመሰሉ ተቐናቐንቲ ግና፡ ኣብቲ ተቕሎዮም ንኢንፋንቲኖ ክወዳደሩዎ ድሌት ዘይብሎም መራሕቲ ምዃኖም ብኣግኡ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣርሰን ሸንገር ብዛዕባዚ. ኣርእስቲ፡ ብጠበሰ. ስፖርት ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ዝኾነ ርእይቶ ካብ ምሃብ ተቖጢቡ ኣሎ።

እዚ. ካብ 2019 ኣትሒዙ ኣብ ትሕቲ ፊፋ ከም ሓላፊ ዓለማዊ ልምዓት ፊፋ ብምዃን ከገልግል ዝጸንሐ ሸንገር፡ ንቲ ብሰፊሑ ዝዝረብሉ ዘሎ ትንተናን ርእይቶታትን ብዙሓት ክኢላታት ስፖርት ኣሚን ኣሉ ተቐቢሉ፡ ኣንጻር ላዕለዋይ ሓላፊኡ ኢዱ የልዕልዶ ይኸውን፧ ብዘይካ'ዚ. ንኢንፋንቲኖ ክትክእ ዝኽእል እንኮ ኣማራጺ. ኮንፌደረሽናት ዓለምና ክኸውን ከ ይኽእልዶ፧ ዝብል ኣካታዒ. ዛዕባ ፈጢሩ ይርከብ።

## "ኣብ ኩዕሶ እግሪ የለኹን" ሳውዝጌት

ኣሰልጣኒ. ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ነበር ጋረዝ ሳውዝጌት፡ ኣብ ፕሪምየር ሊግ ናብ ዝርከብ ክለባት ተመላሲ ጋንታታት ከሰልጥን ድሌት ከምዘይብሉ ገሊጹ።



እዚ. ወዲ 56 ዓመት ኣሰልጣኒ፡ እንግሊዝ ኣብ መዛዘሚ. ዩሮ 2024 ብስጳኛ 2፡01 ድሕሪ ምስዓራ፡ ሰዒቡ ካብ መዘኑት ምስልጣን ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ብምእላይ ካብ ዝኾነ ስራሕ ደው ኢሉ ምህላዉ. ይፍለጥ።

ሳውዝ ጌት ካብ 2006 ጀሚሩ ምስ ሚድልስብሮ ንሰለስተ ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብደረጃ ክለባት ምስ ዝኾነት ጋንታ ክሰርሕ ኣይተራእየን።

ብኣሞል ሬጃን ኮዳሸን ፖድካስት፡ "ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ምስ ዝርከባ ክለባት ብኣሰልጣንነት ንምስራሕ ትሓስበሉዶ" ተባሂሉ ዝተሓተተ ሳውዝ ጌት "ከምኡ ዝኑበረሉ ሰናርዮ ኣይረኣየንን እዩ። ንመወዳእታ ግዜ ምስ እንግሊዝ ኣብ ዝበርኩሉ እዋን ድማ ካብ ክልተ ደቒቕ ንላዕሊ. ኩዕሶ እግሪ ምዕዛበን ምድናቖን ኣቋሪጸዮ እየ።" ክብል ድሕሪ ምምላሱ፡ ክለቡ ክሪስታል ፓላስ ንፈለማ ግዜ ዋንጫ ኤፍኤ ካፕ ድሕሪ ምዕዋታ፡ ናብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ከይዱ ከምዘይፈልጥ ኣረዲኡ። በዚ. ድማ ከም ኣሰልጣኒ. ምስ ክለባት ናይ ምስራሕ ዝበርኦ ድሌት ከም ዝተቐየረ ብምጥቃስ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ከምዘየለ ኣብሪሁ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይናን ሰሜን ኮርያን፡ ድባተን ብወግዒ ከፊተንኦ



ህዝባዊት ሬፓብሊክ ቻይናን ሰሜን ኮርያን፡ ኣብ መንጎአን ንግዲ ዳግማይ ንምቕጻል ብዝብል ዕላማ፡ ነቲ ንዘይሕ ዓመታት ተዓጽዩ ዝጸንሐ ብድልድል ዝራኸብ ድባተን ትማሊ ሓሙስ ብወግዒ ከም ዝኸፈታኦ ተሓቢሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሊ ቺያንግ ኣብቲ ናይ ምኽፋት ስነ ስርዓት ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ክልተኣዊ ርክብ ሃገሩን ሰሜን ኮርያን ናብ ሓድሽ መድረኽ ይኣቱ ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጽ፡ ምኽፋት ናይቲ ድባ፡ ንቁጠባውን ንግዳውን ምትእስሳር፡ ከምኡ'ውን ንርክብ ህዝብታት ክልቲአን ሃገራት ዘደንፍዕ ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ድብ ዝኸፈት ዘሎ፡ ዝሓለፈ ዓመት መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ክልተ ግዜ ድሕሪ ምርኻቦም ኮይኑ፡ ኣብ ምድንፋዕ ዝምድና ናይተን ሃገራት ዝተወሰደ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ቻይና፡ ህንጻት ናይቲ ምስ ሰሜን ኮርያ ዘራኽብ ኣብ 'ሬለግ ያሉ' ንስለስተ ኪሎሜትር ዝዝርግሐ ክፋል ናይቲ ድልድል ኣብ 2014 እዩ እንተ ዛዘሙቶ፡ ሰሜን ኮርያ ግን ንመስርሕ ህንጻት ናይቲ ብወገና ዝርከብ ክፋል ናይቲ ድንድል ንክባቢ 10 ዓመት ደው ኣቢላቶ ምጽንሓ ምንጭታት ይሕብሩ።

ቻይና፡ ዝዓበየት ናይ ንግዲ መሻርኽቲ ሰሜን ኮርያ ምዃና፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ስሎቫክያ፡ ንዩክሬን ተወሳኺ ሓገዝ ከም ዘይትህብ ኣፍሊጣ

ስሎቫኪያ፡ ኣብቲ ንዩክሬን ብሕጂ ዝወሃብ ተወሳኺ ግዙፍ ፊናንሳዊ ሓገዝ ኢዳ ከም ዘይትሕወስ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ሮበርት ፊኮ ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ዩክሬን ኣብቲ ምስ ፊደረሽን ሩስያ እተካይዶ ዘላ ኣዕናዊ ኲናት ኣዝያ ተዳኺማ ስለ ዘላ፡ ብሕብረት ኤውሮጳ ዝተዋህባ ቢልዮናት ዶላር ልቓሕ ፈጺማ ክትመልሶ ከም ዘይትኽእል ገሊጹ።



ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ዩክሬን ነቲ ክወሃባ ተወሲኑ ዘሎ 101 ቢልዮን ዶላር ልቓሕ፡ ካብቲ ካብ ደስኩል ፊናንሲያዊ ሕሳባት ሩስያ ንዳግመ ህንጻ ተባሂሉ ዝኽፈላ ገንዘብ ክትመልሶ እያ።

ይኹን'ምበር፡ ሩስያ ንዳግመ ህንጻ ተባሂሉ ካብ ዝደስከለ ፊናንሲያዊ ሕሳባታ ሳንቲም'ውን ትኹን ንዩክሬን ክወሃብ ከም ዘይተፍቅድ ደጋጊማ ኣጸራ ምህላዋ እያም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ስሎቫኪያ፡ ኲናት ዩክሬን ደው ንኽብል፡ ዘተ ክካየድ ብተደጋጋሚ ክትጽውዕ ምጽንሓ ይፍለጥ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ዩክሬን ኣብ ጽላት ምክልኻል ዝውዕል ተወሳኺ 27 ቢልዮን ዶላር ባጀት የድልያ ምህላዉ፡ ብላዕለዎት ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ድሕሪ ምሕባሩ እዩ ዝኢ መግለጺ ዝሃበ ዘሎ።

## ሰሜን ኮርያ፡ ፈተነ ክሩዝ ሚሳይል ተካይዳ

ሰሜን ኮርያ፡ ፈተነ ካብ ሳብማሪን ዝውንጨፍ ክልተ ዓይነት ስትራተጂያዊ ክሩዝ ሚሳይል ከም ዘካየደት፡ 'ኬይ.ሲ.ኤን.ኤ' ዝተባህለ መንግስታዊ ኣገልግሎት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ባሕሪ ሰሜን ኮርያ ዝተኻየደ ፈተነ ክሩዝ ሚሳይል፡ ዓቕሚ ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ስትራተጂያዊ ዕማማት ንምዕዛዝ፡ ከምኡ'ውን ናይ ምክልኻል ብቕዓት ናይታ ሃገር ንምግምጋም ዝዓለመ ምዃኑ፡ እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ ገሊጹ።

እቲ ላዕለዎት ወተሃደራውያን ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ብኣካል ዝተዓዘብዎ ፈተነ ክሩዝ ሚሳይል፡ ንጸጥታ ጎረባብቲ ሃገራት ብኣሉታ ዝጸሉ ከም ዘይኮነ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ገሊጾም ኣለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት'ውን፡ ፕዮንግያንግ፡ ምስ ደቡብ ኮርያ ንዘለዋ ዝምድና ዘላሕልሕ ብርኽት ዝበለ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ምኻያዳ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ዝተበጽሐ ንዩክሌሳዊ ስምምዕ "ንጸጥታ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ዝዘርግ ውዕል" ኢሉ ምግላጹ ዝዝከር እዩ።



## ናይጀርያ - ዕጡቓት ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር መጥቃዕቲ የካይዱ

ኣባላት ቦኮ ሓራም ምዃኖም ዝተጠርጠሩ ዕጡቓት፡ ኣብ ክፍለ ሃገር ቦርኖ - ናይጀርያ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ብዘካየድዎ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 10 ወተሃደራት መንግስቲ ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 20 ወተሃደራት ድማ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

እቶም ዕጡቓት፡ ብዘይካ ኣብቲ ወተሃደራዊ መዓስከር ዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ንገለ ክፋል ኣብቲ ከባቢ እትርከብ 'ማይራሪ' ዝተባህለት ቁሸት እውን ብሓዊ ከም ዘቃጸሉዋ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ቡቲ ኣብታ ቁሸት ዘካየዱዎ መጥቃዕቲ'ውን፡ ሸዱሽተ ሰላማውያን ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 20 ሰባት ከኣ መጉዳእቲ ከም ዝበጽሖም ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፉ ሳምንታት፡ ቦኮ ሓራም ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ምኽያዶም ምንጭታት ይሕብሩ።



## ፓኪስታን - ናሕሲ ቤት ትምህርቲ ብምፍራሱ 32 ተመሃሮ ሞይቶም

ትማሊ ሓሙሱ፡ ናሕሲ ናይ ሓደ ኣብ ከተማ ፔሻዋር - ፓኪስታን ዝርከብ ናይ ብሕቲ ቤት ትምህርቲ ብምፍራሱ፡ ብውሑዱ 32 ተማሃሮን ሓደ መምህርን ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።

ቡቲ ኣብ 'ኣልካሄር' ዝተሰምየ ቤት ትምህርቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ምፍራስ ናሕሲ፡ ካልኦት 45 ሰባት'ውን ቆሲሎም ከም ዘለዉ ተፈሊጡ።

መብዛሕትኦም ግዳያት ናይቲ ሓደጋ፡ ትሕቲ 13 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ ምዃኖም ድማ ተረጋጊጹ ኣሎ።

ፖሊስ ናይታ ከተማ፡ ቀንዲ ጠንቂ ምፍራስ ናሕሲ ናይቲ ብዓል ክልተ ደርቢ ቤት ትምህርቲ፡ ብቐዓቱ ዘይሓለወ ኣገባብ ኣሰራርሓ ናይቲ ህንጻ ክኸውን ከም ዝኽእል ገሊጹ።

ፖሊስ ወሲኹ፡ ዋና ናይቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጽ፡ ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ብንጹር ንምፍላጥ መርመራ ይካየድ ከም ዘሎ'ውን ሓቢሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣሸፋእ | 16/10/2026 | ጎደና ኪልዓውታ ቁ.57 ኣኸርያ ከባቢ እንዳ ዓሊበኺት | 07157709 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services